በስመአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ አሃዱ አምላኽ ቡን ብሕጊ ኦርቶዶክሳዊት ተዋህዶ ሃይማኖት መሰረት ዘይስተ ምኽኑ ዘረጋገጹልና ቅዱሳት መጻሕፍቲ ክንጠቅስ ኢና።

ሓሙሽተ ተንባላት (አመንቲ ምስልምና ዝኾኑ ሰባት) ካብ ሃገረ ዓረብ ናብ ኢትዮጵያ ሓሙሽተ ዕጸዋት ሒዞም ከም ዝመጹን ንህዝቢ ኢትዮጵያ ከስሕቱ ከኣ ተመሓላለፉ፣ ብተወሳኺ እውን ስምዑ ክንነግረኩም ካብቶም ዕጸዋት እውን ቀለብ ኣጋንንት ዝኾኑ ነበሩ። ንሳቶም ከኣ አስማቶም 1. ዕጸ ሰርጢስ 2. ዕጸ ኩሰራ 3. ዕጸ ጌት ኢዮም። ዕጸ ጌት ከኣ ኣብ ቆላ ዝበቕሉ፣ ደቂ ኤሳው ዝፈቱዋ ኢያ። ብማይ እንዳ ኣፍልሑ ከኣ ይሰትይዋ ነበሩ። ዕጸፋርስ እውን ብሰልጣን ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ዝተረግመት ኢያ፣ 4ይቲ እውን ኣዝልኢት ትበሃል ዓረባውያን ሰዓብቲ መሓመድ ዝፈትውዋ ኢያ፣ ምልኣትና ከኣ ይብልዋ መስሑቲት ስለ ዝኾነት ንዓኣ ኣይብልዑዋ እታ ሓንቲ 5ይቲ ከኣ ዕጸ ዝሙት ኣጋንንቲ ዝፈትውዋ ሕማም ስጋን ሕማም ነፍስን ዝኾነ ሴጣን ኣብ ሕርሽኡ ዘራኡ ዘብቆላ ኢያ። እዚ ከኣ ኣብ ድርሳነ ጽዮን ኣብ ምዕራፍ 8 ይርከብ ይብል ምስትውዓልን ምእማንን ይግባእ ንብል።

ከምኡውን ኣቦታት ኣዴታት ስምዑኒ ክሳረኩም ኩሎም መጻሕፍቲ ንዓና ንምግሳጽ ኢዮም ተጻሒፎም ሓደ ስሙ ሴሩሕ (ሴሮብ) ዝበሃል ሰብ ነበረ፣ ንሴሩህ ከኣ ቡኑ ዝበሃል ቆልዓ ወለደ ብስም ቡኑ ክኣ ጣዖት ምምላኽ ተጀመረ ኣብ መቓብሩ ድማ ሴጣናዊት ዕጽ በቐለት። ብቡኑ ምኽንያት ቡን ተባህለት ስለዚ ንደቂ እስማኤል፣ ንደቂ ኤሳውን ንደቂ ኣማሌቅን መስዋእት ኮነት ናብቲ ናይ ኣማሌቃውያን ነቢይ ዝበሃል መሓመድ እውን በጽሐት ንኣማሌቃውያን ክኣ ብኣኣ ክስውኡዋ ሃቦም ንሳቶም ከኣ ብጅካኣ ካልእ ክስውእዎ የብሎምን፣ ኣማሌቃውያን ማለት ኣመንቲ ምስልምና ሰዓብቲ መሓመድ ማለት ኢዩ።

እዛ ዕጽ እዚኣ ክሳብ ሎሚ ርእስና ሓሚምና እንዳበሉ ንግሆ ንግሆ ይሰትይዋ ኣለዉ ጸም ተስዕር ካብ ቁርባን እንዳ ኣትረፈት ትርከብ ኣላ ድርሳነ ጽዮን ምዕራፍ 9 የረዳእና።

Scanned with CamScanner

ኣታ ናይ ዘመናት ሕንቅል ሕንቅኪ ተይ ! ! !

"እነሆ፡ ኣብ ኣፍደገ ቤት ደው ኢለ ኳሕኳሕ ኣብል ኣለኹ። ሓደ እኳ ድምጸይ ሰሚዑስ ማዕጾ እንተ ኸፈተለይ፡ ናብኡ ኽኣቱ ምስኡ ኽኣ ክድረር እየ፡ ንሱ'ውን ምሳይ።"



29, ታሕሳስ 2011
ህያብ ልደት ጎይታና !!!

Scanned with CamScanner



በስመ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ጀዱ አምላክ አሜን።

እታ ናይ ዘመናት ሕንቅልቅ ሕንቅሊቲይ!!!

ሕንቅልቅ ሕንቅሊቲይ!
ሰናብ ሰናቢቲይ!

"ጸዕዳ መሰል ልብሰ ጸላም፣ ብርሃን ንፈተውታ ገሃንም" ... ፍለጠለይ!!!

ዘማራይ ቅዱስ ዳዊት ከም ዝበሎ፡ ዕድመ ወዲ ሰብ ከምቲ ንእሉቱ በኒኑ ዝጠፍእ ትኪ፣ መዋዕሉ ድማ ከም ዕምባባ መሮር ኢዩ። እወ! ልክዕ ከምቲ ፍጹም ዓምቢቡ ንልቢ ዘሕንስ ትርኢት ነምዘይነበሮ፡ ድሕሪ ቁሩብ እዋን ግን ቀምሲሉን ነቒጹን ክረግፍ እሞ ፍጹም ከም ዘይነበረ ንክኸውን ግዚ ዝበሃል ዘይወሰደሉ ዕምባባ መሮር!!!

ወዲ ሰብ ኣብዛ ሓላፊት ዓለም፡ ህይወቱ ብሓንስ ዝተሰነየ ምልኣት ሃልይዎ፡ ብዘለዎ ዕጉብ ኑይኑ ንኽነብር፡ እቲ መሰረታዊ ነገር፡ ኣብ ህይወቱ ዝህልዎ <u>ዕለታዊ ናይ ምስጋና ህይወት</u> ኢዩ። **"ስለ ጽድቂ ፍርድኻ ኣብ መዓልቲ ሾብዓተ ሳዕ የመስግኽካ ኣለኹ" ከም ዝበለ መዝ** 119፡164 ወዲ ሰብ፡ ፈጣሪኡ ብዝኾነ እግዚኣብሄር ኣምላኽ መጠን ክንደይ ከም ዝተጉበረሉ መርሚሩን ተረዲኡን ኣእዳዉ ንምስጋና ክሳብ ዘይዘርገሐ፡ ብዛዕባ እታ ገና ዘይተፈልጠት ጽባሕ ክሓስብን ክጭነቐን ጥራይ፡ እቲ ድሮ ተዋሂብዎ ዘሎ ትሕዝቶኳ ከይተባረኸን ከይተጠቀመሉን፡ ፍጹም ኣብ ባዶ ህይወት እንከሎ፡ መዓልቲ ብመዓልቲ እናተተኻኸአ፡ ዘመን ህይወቱ ጭልጥ ኢሉ ክውዳእ ፍጹም ኣይፍለጦን።

ብመሰረቱ፡ እግዚኣብሄር ንወዲ ሰብ ዝፈጠሮ፡ ስሙ ንምውዳስ መንግስቱ ንምውራስ ኢዩ'ሞ፡ ብርህቲ ጸሓይ ወጋሕታ ንጸላም ጋሊሃ ደበኽ ክትብል እንከላ፡ ወዲ ሰብ ድማ ኑቲ ብሓለዋ ቅዱሳን መላእኽቱ ብሰላም ዘሕደሮ ፈጣሪኡ፡ ኣእዳዉ ብምዝርጋሕ ፍግም ኢሉ፡ "ክበር ተመስገን!" እናበለ ነታ ሓዳስ ዕለት ጀሚሩ፡ ምሉእ መዓልቲ ላዕልን ታሕትን ክብል ምስ ወዓለ'ውን፡ ዕራርቦ ብርሃን ኣርኪቡ ብምሕረቱ ናብ ቤቱ ምስ ተመልሰ ንነፍሲ ወከፍ ስጉምቲ ብጉሰቱ ሓልዩ፡ ምስ በረኸቱ ብሰላም ናብ ቤቱ ንዝመለሶ ፈጣሪኡ፡ ሕጂ'ውን "ክበር ተመስገን!" እናበለ ንኽብሩ ተምበርኪኹ ነታ ክብርቲ ዕለት ብምስጋናን ኣምልኾን ክፋነዋ እንተዘይኪኢሉ፡ ካን ኣኺልዎ ብዘይ ሓጎስ ብዘይ ሰላም፡ ብዘይ በረኽት ብዘይ ዕግበት ፍጹም ኣብ ባዶነት ክነብር ናይ ግድን ይኸውን። እወ መዓልትን ለይትን ባሪኹ፡ ብበረኽቱ ንዘጓስን ዝምግብን ፈጣሪኡ፡ ብምስጋና ንኣምልኾ ዝኸውን ሰዓት ክሳዕዘይሰረዐ፡ ህይወት ወዲ ሰብ ናይ ባዶ ባዶ ኢዩ።

ወዲ ሰብ ነዚ ባዶነት እዚ ንምስዓር እንታይ ዘይገብር! ገለን ስኢንዎ ንዘሎ ሓጎስ ብገንዘቡ ክዕድግ ፋሕተርተር እንክብል፡ ገለ ኸኣ ዝተሓለለ ልቡ ንኽውንነት ንኽርስዕ ብኽቱር መስተ ናይ ልቡ ይጭድር። ገለን ግዘያዊ ሓጎስ ንኽረክብ ኣብ ዝተማራሰሐ ህይወት ብዝሙት እንክሓድር፡ ገለ ድማ ዓቕሉ ንዝጸበየ ኣእምሮኡ ንምዝናይ ብሞጭሕ ወልፍታት ይእሰር። እንታይ'ሞ ዘይግበር፡ ኣየ ጉድ ናይዛ ክብርቲ ነፍሲ!!! ሰኣን ንቕሓት ዝንድለና'ኸ መወዳእታ የብሉን።

Scanned with CamScanner



ነዚ ካብ ናይ ምሲጋና ህይወት ዝርከብ ሓጎስን ሰላምን እምበኣር፡ ደቂ ሰባት ኣብ ናይ ወልፊ ህይወት ተኣሊኾም ክደልይዎ ብዙሕ ግዜ ይረኣዩ ኢዮም። እወ ኣብ ወልፊ ሽጋራን ትምባኾን፡ ኣብ ወልፊ መስተን ዝሙትን፡ ኣብ ወልፊ ሜትን ቡንን . . . ወዘተ። ከም ዝፍለጥ፡ ወልፊ ገዛኢ ዝኾነ ሓይሊ ኣብ ርእሲ ምኻኑ፡ ንብዙሕ ዝዓይኑ፡ ናይ ባህሪ ለውጢ ኣቃሊዑ ምሉእ እንታይነት ሓደ ወዲ ሰብ ብፍጹም ዘዕኑ ባህሪ'ውን ኢዩ። ኮሉ ኣብ ትሕቲ እዚ መግዛእቲ ዝኣተወ ሰብ ድማ፡ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት፡ ብባህሪ ናይቲ ዓይነት ህይወት ክምራሕ ክግደድ እንዕዘቦ ሓቂ ኢዩ። ከም ኣብነት ገለ ሓፈሻዊ ዝኾነ ባህርያት ወልፊን ተወለፍቶምን ምስ እንርኢ፡

- ወልፊ ካብ ዝተጀመረሉ ግዜ ኣትሒዙ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ስሩዕ ዝኾነ ዕለታዊ ሰዓታት ወልፊ ይህሉ
- ኣብዚ ግዜ እዚ ኮሉ ዓይነት ስራሕ ተገዲፉ ንደቓይቕ ነጎ ሰዓታት ኮፍ ይብሃል
- ኣብቲ ግዜ እቲ ዝኾነ ዝርብሽ ወይ ዘዕገርግር ነገር ክህሉ የብሉን
- ኣብቲ ናይ ወልፊ ግዜ ድማ መስተ፡ ዕላል ኣንጻራዊ ጾታ፡ ዝሙትን ካልእን መሰነይታ ይህሉ
- ከም ኣብ ቡን ዝረአ ድማ ክጨንወካን ክፍለጠካን ክሞዕመካን ኣለዎ፣ እዚ እንተዘኾይኑ ድማ ዝከበረ ተደፊኡ ካልኣይ ሳዕ ክዳሎ ይጥሰብ . . . ወዘተ

ምናልባት እቲ ውሉፍ ሰብ ኮቲ ዝተወለፈሉ ነገር ምስ ዝስእኖ ዝመጽእ ባህርያዊ ለውጢ ድማ፡

- ክቢድ ቃንዛ ርእሲ
- ጸርጸር ምባል
- ሓይልኻ ምድካም
- ምጽልማት ዓይኒ
- ረስኒ ደም ብኣፍንጫ
- ምሓር እንተ ነዊሑ ድማ ኣብ ዓራት ምድርባይ
- ኮቲ ዘወለፈነ ነገር ንምርኻብ ድማ ኮሉ ዓይነት ዋጋ ምኽፋል

ዘገርም ነገር'ዩ! <u>ንመግብን ንመስተን ብዝምልከት ፈጣሪ ዝሃበና ተፍጥሮኣዊ ስምዒት፡ ካብ ምጥማይን ምጽማእን ዝሓልፍ ኣይኮነን።</u> ኪንዮ ጥምየት ክብድን ጽምኢ ጎሮሮን ዝሓልፍ ስምዒት ምሉእ ኣካልን መንፈስን ወዲ ሰብ ክቆጻጸር ክረአ እንክሎ ደኣ ክመይ ኣየገርምን!!! እዚ ኹሉ ዝግበር እምበኣር፡ ኣእምሮ ወዲ ሰብ ንኽውንነት ህይወት ንግዚኡ ብምርሳዕ፡ ፍጹም ንኽዛነን ክሕንስን ንግለት ኢዩ። እንተኾነ ግን፡ ወዲ ሰብ ኣብ ከምዚ ዝዓይኑ መግዛእቲ ኣትዩ ኢዱ እንተ ሂቡ፡ ምሉእ ህይወቱ ኣብ ባዕዳዊ ዝኾነ ነገራት የግዝእ ስለዘሎ፡ እዚ ህይወት'ዚ <u>ኣምልኾ ጣኦት ኢዩ።</u> ከመይ፡ **"እተሳዕረ ሰብ ኮቲ ዝሰዓሮ ባርያኡ ይኾና ኢዩ'ሞ. . ."** **ከም ዝብል 2ይ ጴጥ 2፡19** እው፡ እቲ ዘወለፎ ነገር ብፍጹም ይገዝእን ይመልኮን ክሳብ ዝሃለው፡ እዚ ህይወት እዚ ኣምልኾ ጣኦት ኢዩ። ንሕና ግና ኮልና፡ ክብሪ ንስሙ ይኹን፡ <u>ባሮት ናይቲ ገዛኢና ዝኾነ ሰማያዊ ንጉስ እግዚኣብሄር ኢና!!!</u>

እስከ እዚ ናይ ወልፊ ህይወት እዚ፡ ብመሰረት መጻሕፍቲ እቶም ቀዳሞት ቅዱሳን መንፈሳውያን ኣቦታት፡ ከመይ ከም ዝመስል ብልቦናን ትሕትናን ንመልከት።

Scanned with CamScanner

ካብ ድርሳነ መድኃኔ ዓለም

(ገጽ 115-119)

ሕጂ ድማ ኣቡነ ዘርዓብሩክ ንመድኃኔ ዓለም ብዙሕ ከም ዘፍቀሮን፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ድማ፡ ብበዓል መድኃኔ ዓለም ዕለት 27 ከምኡ ውን ናይ ኪዳነ ምሕረት በዓል ብዕለት 16 ዝኽሪ ይገብር ከም ዝነበረ ንነግረኩም።



ኣቡነ ዘርዓብሩክ ሞገስ ምስ ረኸቡ፡ መድኃኔ ዓለም ናይ እሳት ፈረስን ትእምርተ መስቀል ዘለዎ ናይ ወርቂ በትርን ሃቦ። "ናብ ደይኒ ሲኦል ኪድ'ሞ፡ ክንዲ ክትጸሮም እትኽእል ነፍሳት ኣውጽእ" በሎ። እዚ ምስ በሎ ኣቡነ ዘርዓብሩክ ናብ ታሕቲ ሲኦል ኣተወ። ኣዝዮን ብዙሓት ነፍሳት ድማ፡ ሓንቲ ኣብ ልዕሊ ሓንቲ ኮይነን ምጭቕቓቕን ልክዕ ከም ሓደ ዕሸል ንህቢ ብምኻን ኣብ ልዕሊኡ ተሓዝላ። ነዘን ነፍሳት ሒዙ እናወጸ እምበኣር፡ ሓንቲ ናይ ሓዋእ ነፍሲ፡ "ኣ ኣቦይ ዘርዓብሩክ፡ ንበይነይ እምበር ተሪፈ፡ ኣውጽኣኒ እባ!" እናበለት ጨረሐት። ነዚ ሰሚዑ ኣቡነ ዘርዓብሩክ ተመልሰ'ሞ ነታ ነፍሲ ሰሓባ። እንተኾነ ግን እታ ነፍሲ ልክዕ ከምቲ ሓደ ፈትሊ ኣብ ስምዒ ዘኾኖ፡ ኣብ ውሽጢ መዓሙቕ ሲኦል ተጣቢቓ ፈልኪት ምባል ኣበየት። እቲ ነበልባል ናይቲ እሳት ድማ፡ ንኣቡነ ዘርዓብሩክ ኣውዳዮ'ሞ ነታ ነፍሲ ሓዲጉ ነቲን ዘውጽኣን ነፍሳት ሒዙ ናብቲ ዝለኣኾ፡ ንዝኽሪ ስሙ ክብርን ምስጋናን ይብጻሓዮ፡ ናብ መድኃኔ ዓለም ተመልሰ።

ኣቡነ ዘርዓብሩክ፡ "ኣ ጎይታይ ሓንቲ ነፍሲ እምበር ስመይ እናጸወዐት ተሪፋትኒ፡ በጃኻ መሓረ!" በሎ። መድኃኔ ዓለም ድማ፡ "ኣ ዘርዓብሩክ ኣብ ቅድመይ ሞንስ እንተረኸብካስ ንሰታዩ ትምባኾ'ዶ መሓር ትብለኒ ኣለኻ!" ክብል መለሰሉ። ኣቡነ ዘርዓብሩኽ ድማ፡ "ኣ ጎይታይ ብምንታይ ምኽንያት ኢደ እዛ ተኽሊ እዚኣ ካብ ኩሉ ሓጢኣት እትኸፍእን እትዓብን፧" ኢሉ ሓተቶ። መድሓኒና ድማ፡ "ሰይጣን ናብ ግራት ናይዛ ዓለም ከም ዝዘርኣን፡ ብዛዕባ ኩሉ ስራሕ ናይዛ ተኽሊ እዚኣን ኣይሰማዕክን ዲኻ፧" በሎ።

"እምበኣር ስማዕ፡ ሓደ ሕጊ ፈጣሪኡ ብፍጹም ዝሕሉ ዝነበረ ሓዊ ዝስሙ መምህር ነበረ። እዚ መምህር'ዚ ካብ ቅድሰንኡ ዝተበገሰ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ኣብ ምድሪ ከስተምህር ድሕሪ ምቕናዩ፡ ምሸት ዓርቢ ምስ ኣኸለ ድማ ናብ ገነት ብምኻድ ቀዳመ ሰንበት ምስ ፈጣሪኡ ክዘራረብ የሕልፎ ነበረ። ንግሆ ሰኑይ ናብ ምድሪ ምስ ተመልሰ ድማ፡ ብቃለ ዓዋዲ ንኹሉ ህዝቢ ጸዊዑ ክሳብ ዕለተ ዓርቢ፡ ብዓቢ ጉባኤ ይምህሮም ነበረ።

ኣባ ሓዊ ከም ልማዱ፡ ኣጋ ምሸት ዓርቢ ናብ ፈጣሪኡ ምስ ከደ፡ በዚ ህይወት'ዚ ዝቐንኣ ሰይጣን፡ ናይ ኣኼባ ኣዋጅ ማለት ቃለ ዓዋዲ ሃሪሙ ኣከቦም'ሞ ልክዕ ብኣምሳል ኣባ ሓዊ ብምኻን፡ ኣብ መንበሩ ኮፍ ኢሉ፡ "እስከ

Scanned with CamScanner



ፈጣሪና ኣዝዩ ዘፍቅራ ነገር ክነግረኩም ስምዑ .....!!!" ብምባል ዘረብኡ ጀመረ። እዮም ህዝቢ ግን፡ "ኣባ እንታይ ደኣ ዘይክም ልማድካ ሎሚ መጺእካ ጸዊዕካና?" በልዎ። እቲ እኩይ ድማ ተቐቢሉ፡ "ንይታይ፡ ብዛዕባ እታ ኣብ ማዕዶ ገዛኻ ዘላ ተኽሊ፡ ቆጽላ ኣብ ኣስናናም ንኽእትዉዋ ብኽናፍሮም ድማ ንኽትክኹዋ፡ ሎሚ ንህዝበይ እንተዘይነጊርካዮም ፈታውየይ ኣይኮንካን ኢሉኒ" ክብል መለሰሎም። ብኽምዚ እምበኣር እቲ እኩይ ከምቲ ንሄዋን ዝሓበላ፡ ካዛ ተኽሊ ብምሕባር ድማ ኑዮም ህዝቢ ፍጹም ኣሰሓዮም። ልክዕ ከምዚ ሕጂ ዝገብርዎ ዘለዉ ኑቲ ኣቑጽልቲ ቀጥቂጦም ትምባኾ ብምድላው ሰፈፍዎ፡ ኑቲ ትምባኾ ጠቕሊሎም ድማ ብሓዊ ኣትከኹ። ኩሎም ዓበይቶምን ነኣሽቶምን ከኣ በዚ ነገር'ዚ ረኸሱ።

ኣባ ሓዊ ኑቲ ኩሉ ዝኾነ፡ ኣብ ሰማይ እንኽሎ ብጸጋ ፈሊጦ'ሞ ኣዝዩ ጉሃየ። ንኹብሪ ቀዳመ ሰንበት ኣብ ዝነበሮ ሓዲሩ ድማ ሰኑይ ንግሆ መጸ። እቲ እኩይ ዝኾነ ሰይጣን ድማ ከም ትኪ በነ። ንኹሎም ኣኪቡ ድማ፡ "ነዚ መን መሃረኩም?" በሎም። እዮም ህዝቢ ድማ፡ "እዋእ! ንስኻ እምበር መን ደኣ!" በልዎ። ኣባ ሓዊ ድማ ብንሂ፡ "ኣነስ ኣይኮንኩን። እቲ መሰሓቲ ዝኾነ ሰይጣን ደኣ! በሉ፡ ካብ ሕጂ ነዚ ነገር'ዚ ኣቋርጽዎ" ክብል ኣትሪሩ ገሰጾም። እዮም ህዝቢ ካብ ምድንጋር ዝተላዕሉ፡ "እዋእ፡ ትማለ ሰተዩ ኢሉስ ሎሚ ድማ ሕደጉ ይብለና!" እናበሉ ኣበይዎ። ኣባ ሓዊ ድማ፡ "እምበኣር ኣብ ግራቱ ዝዘርኣ፡ ብኣፉ ዝሰተያ ብኣእዳዉ'ውን ዝተንከፉ ዘበለ ኩሉ ርጉም ይኹን" ብምባል ከልከሎምን ወገዞምን። ኣብቲ ግዜ'ቲ፡ "እሺ!" ኢሎም ዝሓደጉ ነይሮም፡ "እምቢ!" ብምባል ዝኣበዩ ድማ ነይሮም።

ሓደ ሰብ ክሰቲ እንኽሎ እምበኣር፡ ልክዕ ክንዲ ሓሙሽተ ቆፎ ንህቢ ዝኾኑ ኢጋንቲ ይመጹ፡ ናብ ውሽጢ ሰብኡቱ ድማ ይኣትዉ። እወ ልክዕ ከም ንህቢ፡ ብኽልተ ኣዒንቲ፡ ብኽልተ መሳኹቲ ኣፍንጫኡ፡ ብኽልተ ኣእዛኑ፡ ብኣፉን ክፉት ብዘለዎ ታሕታይ ኣካሉን ይኣትዉን ይወጹን። ነዚ ሰብ'ዚ ፍጹም ወሪሶም ድማ ብትምክሕቲ፡ ትዕቢት፡ ቅትለት፡ ስርቂን ኩሉ እኩይ ዘበለን ይመልእዎ" በሎ።

ነዚ ኩሉ ሰሚዑ ኣቡነ ዘርዓብሩክ ብትእምርቲ መስቀል ኣእዳዉ ኣብ መንኩቡ ኣመሳቒሉ ኣምሪሩ ኣልቀሰ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ናብ ምድሪ ምስ ተመልሰ እምበኣር፡ "ነዛ ርግሞቲ ዝኾነት ተኽሊ ብላፉ ዝሰተያ፡ ብኢዱ ዝሓዙ፡ ዝዘርኣ፡ ዝሸጣን ዝገዝኣን ዘበለ፡ ውሉደ ጥምቀት ኣይኮነን። ብስጋኡ ኣይክረብሕን ኢዩ፡ ብነፍሱ ድማ ናብ ሲኦል ክወርድ ኢዩ። ወደይ ዝኾነ ዘበለስ፡ በዓል መድኃኔ ዓለምን ኪዳነ ምሕረትን የኽብርን ይዘክርን። ትምባኾ ኮነ ሽጋራ ድማ ኣይስተ!!!" እናበለ ኣትሪሩ ከልከለን ገሰጸን።

ናይ ኣቦና ኣቡነ ዘርዓብሩክ ጸሎትን በረኽትን ናይ መድኃኔ ዓለም ምሕረትን ሳህልን ምስ ኩልና ይኹን። ኣሜን!!!

ብርግጽ ወልፊ ዘበለ ኣብ ቅድሚ ፈጣሪ ፍንፋንን ርኹስን ምኻኑ ዝኽሕዶ እኳ እንተዘየለ፡ እንተኾነ ግን እዚ ነገር እዚ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ብደረጃ ኣምልኾ ጣኦት ከምዘፍርደና ክፍለጥ ብዘይምኽኣሉ፡ ንመሸፈኒ እቲ ወልፊ ዘገልግል ወረጃ ዝኾነ ኣበሃህላን ወግዕን እናቐረቡ ኩሉ ወዲ ኣዳም ዘበለ ኣብዚ ኣንጻር ሰማያዊ ኣምልኾ ዝኾነ ናይ ወልፊ ዓዘቕቲ ተሸሚሙ ይርከብ። ከም ኣብነት፡ ገለ ክቱር ሀርፋን ቡን ዘለዎም ሰባት፡ ካብዚ ናይ ወልፊ

Scanned with CamScanner



ነቐፈታ ሓራ ንክኾኑ፡ ንቡን ብመልክዕ ምስታይን ዘይምስታይን፡ ወይ ውን ብመልክዕ ምጥዓምን ዘይምጥዓምን ጥራይ ብምጥማት፡ "እንታይ እሞ ቡን ጢዒምካ ኢሉ ድዩ ኣምላኽ ንዓይ ክፈርደኒ፧ ኣነኮ ንቡን ከም መዕለልን መዘናግዕን'የ ዝሰትዮ እምበር፡ ወልፌ ቡን ዝበሃል ብፍጹም የብለይን!" ይብሉ።

ልክዕ'ዩ ምስ ወልፉ ዝተፈጥረ ሰብ የለን። ይኹን ደኣምበር፡ <u>ብሓደ መዓልቲ፡ ብውሑድ ቁጽርን ዓቑንን፡ ከም ዋዛ ዋዛ ተጀሚሩ፡ ቀስ ብቐስ እናዓበየ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ዝበጽሕ</u> ደኣምበር፡ ሃንደበት ዝኾነትን ዝምዕበልን፡ ርእሲ ዝፍንቅል ነጎ ሓይሊ ዘድከም፡ ዓይንን ልብን ዘጸልምት ነጎ መትንታት ዘንፈዋፍው፡ ኮታስ ልብን ኣእምሮን ምሉእ ብምሉእ ዝገገኣ ወልፌ ከምዘየለ ግን ዘይሰሓት ሓቂ ኢዩ።

ካብቲ ዘገርም እንተሃልዩ፡ ገለ ገለ ሰባት "እንታይ እሞ፡ ቡን እኮ ከም ዝኾነ ዓይነት ተኽሊ ተራ ተኽሊ ኢዩ!" ክብሉ እንከለዉ፡ እቶም ዝሓለፉ ናይ ግብርን እምነትን መምህራን ዝኾኑ ኣቦታት ግን፡ ንቡን ምስ ትምባኾን ሽጋራን ጫትን፡ ብደረጃ ኣምልኾ ጣኣት፡ ብሓደ ዓይነት ውግዘት ክኽልክሉ ኢና እንርኢ።

እስከ ነስተብህል፡ ብናይ ተፈጥሮ ሕብሪ ሓደ ክልቢ ጻዕዳ፡ ጸሊም ወይ'ውን ቀይሕ እንተኾነስ ክልቢ ምኻኑ'ዶ ይተርፎ ኢዩ፧ ወይስ ቀይሕ ክልቢ ካብ ዝነኽሰካ ጻዕዳ ክልቢ እንተነኽሰካ ይሓይሽ'ዶ ይበሃል'ዩ፧ እዚ ምንም ዝሕሸሉ ከምዘየለ ዝኾነ ሰብ ዝስሕቶ ኣይኮነን። እወ ክልቢ ክልቢ ኢዩ። ስለዚ ድማ፡ እዘን ኣትክልቲ እዚኣተን ከምቲ ቀዳሞት ኣቦታት ጠቒሶምዎ ዝሓለፉ፡ ስለስተ በበይኑ ዝዓይነቱ ኣስማት ዝሓዙ፡ ግና'ኸ ሓደ ዓይነት ርኽሰት ዘለወን ኣትክልቲ ኢየን። ገና ብቕድሙ እቲ ናይ መጀመርታ ሰብ ኣዳም ዝተዋረደሉ ንምብላዕ ናይ ሓንቲ ተኽሊ ስለዝተሓበለ'ዶ ኣይኮነን። ዝገርም'ዩ! ብሰንኪ እዚ ስዉር ጥበብ ዘለዎ ኣመላኻኽታ እምበኣር፡ ኣብዚ ሕብረተሰብና ሽጋራን ትምባኾን ጫትን ከም ኣጸያፍትን ፍንፉናትን ወልፍታት እናተጠቕሱ ንበይና ቡን ግን ብምስጢር ኣብ ባህልና ከቢራ ስለዝንገሰት፡ ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተባህለ፦

"ቡን **እኮ** ! . . . "

- ❖ ወግዓን ኣቀራርባኣን ደስ እተብል መዕለሊትን መዘናግዒትን ኢያ !
- ❖ ሓጀፊት ስድራን መምጽኢት ሸኻይን ኢያ !
- ❖ ፍሉይ ግርማ ዘለዋ መቐበሊት ክቡር ጋሻን መለለዩት ወግዒ ባህልናን ክብሪ ሕብረተሰብናን ኢያ !
- ❖ መበራበሪትን መማሞቒትን ገዛ ኢያ ! . . . ካልእን

እናተባህሉ፡ እዚ ኣብ ጽቡቕ ፍቕርናን ምትሕቒፍናን ተጉዝጉዙ ዝመጸ ስዉር ጥበብ ጸላኢ ክፍለጥ ብዘይምኽኣሉ፡ ፍሉይ ቦታን ክብርን ተዋሂቡዋን ተመሊኻን፡ <u>ኣብ ነፍሲ ወከፍ ቤት ነገሳ፡ እዚ ጥፍኣት ዝምዕራፉ</u>

Scanned with CamScanner



ሓደገኛ ዝኾነ ናይ ወልፊ መንገዲ፡ ከም ሓደ ናብ ህይወት ዝመርሕ ጎደና፡ ኣብ ምሉእ ሕብረተሰብ ብስርዓት ተታሒዙ ይርከብ። "ክቡራን ህዝቢ ኣምላኽ" ... እስክ ነስተውዕል፦

- ቡን ዝብል ሲያመ ካበይ ዝመንጨወ ኮን ይኸውን፤
- ንሳ ጸሊማ ሓሪራ እትቕለወሉ፡ ድሒራ ድማ ንሕና ብስርዓት ካብቲ ሓሪሩ ዝበንን ትኪ እንዕጠነሉ ምኽንያት ብኽመይ ዝጀመረን ዝተበገሰን፡ እንታይ ምስጢር ስለዘለዎን ይኸውን፤
- እቶም ኣወል፣ በረነ፣ ደረጃ .... እናተባህሉ ዝጥቀሱ ኣስማት'ከ ካበይ ዝመንጨዉ ኢየም፡ እንታይ ትርጉም'ከ ይህልዎም ይኸውን፤
- ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ፡ ኣብ ሕብረተሰብና ቡን ከም ሓንቲ ፍሉይ ባህታ ዘለዋን ኣዘናጋዒትን መስተ እናተጠቕሰት ክነሳ፡ ብኣንጻር ናይዚ ግን፡ ብኽቱር ወልፊ ቡን ተኣሲርና ፍጹም ግዙኣት እንኾነሉ፣ ከም ውጽኢቱ ድማ ቡን እንተዘይሰተና ርእሰና ከም ሕሱም እንናወጸሉ'ኻ ከም ተራ ነጥቢ'ዶ ይረኣ፤
- ካብዚ ክቱር ወልፊ እዚ ንምግልጋል፡ ኣብ ጥዑም ዝኾነ ግዚያትሲ ይትረፍ፡ ኣብ መዓልታዊ መነባብሮና እኹል ዝኾነ ትሕዝቶ ብዘይምህላዉ፡ ካብ ወርሒ ናብ ወርሒ ፈትልን መርፍእን ኣላጊብና ክነካውን ዓቕልና ኣብ ዝጸበጠና ግዚ'ውን ክይተረፈ፡ ቡን ንምዕዳግ ዝወጽእ ወጻኢታት ግን ሓላል ኮይኑ፡ ኣደዳ ዘይተደለየ ክሳራታትን ወጻኢታትን እንኾነሉ ነጥቢ'ኻ ኣየገርምን'ዶ፤
- እዚ ኹሉ ኮይኑ ድማ፡ ኣብ ህይወት ብሰንኪ ዝተፈላለዩ ሕማማት ኣብ እንሳቐየሉ፡ ብሰንኪ እቲ ወሪዱና ዘሎ ሕማም፡ ቡን ንኽነቋርጾ ኣብ እንንገረሉ እዋን፡ "ቡን ክገድፍ! ፍጹም!!!" ዝብል መርገጺ እንሕዘሉ ኣብነት'ከ ብቑሊል'ዶ ይረኣ፤
- ኣብቲ እዋን ወግዒ ቡን፡ ጽቡቕ ዕላል እናመሰለና ኣብ ዘይተደለየ ወረን ሕሚታትን እንወድቀሉን፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ዝሃበና ንጽድቂ ዝኾነ ግዜና ብኽንቱ እነጥፍኣሉን ኩነት'ከ ምስ ምንታይ'ኮን ይቑጸር፤
- ኣብ ገለ ገለ ግዚያት ከም ዝረኣ'ውን ቡን እንክሰትያ ፍሉይ ስምዒታትን ቁስን ሃልይወን፡ ከጉርዓን ዘይንኩር ተግባራት ክንብራን ዝረኣያ'ኻ ሸለል ኢልካ ዝሕለፍ ድዩ፤.... ክንደይ ኢልካ'ሞ ክጥቀስ!!!

ከም ዝፍለጥ፡ ኣብዛ ንኩረላ ዓለም ዝኾነ ዙሓረረን ዝጸለመን መግቢ ኮነ መስተ ንግዳም ተጓሒፉ ይድርቡ። ካብ ዝኾነ ዙሓረረ ነገር ዝምንጨ ትኪ ድማ ኣፍንጫ ዝስርስር፡ ኣዒንቲ ዘንብዕ እናኾነ እንክሎ፡ ንብይና እዛ ተኽሊ እዚኣ ሓሪራን ጸሊማን ንኽትስተ ኣብ ጥቕሚ እትውዕለሉ፡ ልክዕ ከምቲ ንኣምልኾን መዕረጊ ጸሎትን ዝተነገኸ ጥዑም መኣዛ ቤት መቕደስ ዝኾነ ዕጣን ድማ፡ ካብኣ ዝተነገኸ ትኪ ነቶም ተወለፍታ ኣዝዩ ባህ ዘብልን ዘበራብርን ዝኾነሉ'ሞ፡ እንተዘይጨነወቶም ድማ፡ "ኣይሰትያን እየ፡ ድፍኢያ ኣይጠዓመትንን!" ክሳብ ምባል ዝበጽሑሉ፡ እንታይ ፍሉይ ምስጢር ስለዘለዋ ኢ.ያ፤!

ከቡራን ኣንበብቲ፡ ከምቲ ቅዱስ ጳውሎስ፡ **"ንሰኻ ግና ንትምህርተይ፡ ንንብረተይ፡ ንፍቓደይ፡ ንእምነተይ፡ ንዓቕሊይ፡ ንትዕግስተይ፡ ኣጸቢቕካ ሰዓብኩ። ... እቶም እኩያት ሰባትን ጠበርትን ግና እናኣሉሉቱን እናሰሉቱን ናብ ዝገደደ ክበጽሑ ኢየም። ንሰኻ ግና ካብ እንመን ከም እተመሃርካ ፈሊጥካ ኦተን ካብ ቀልዕነትካ ጀሚርካ ብኣምነት**

Scanned with CamScanner



ብክርስቶስ ኢየሱስ ንምድሓን ከለብምኻ ዝኽእላ ቅዱሳት ጽሑፋት ፈሊጥካ፡ ቡቲ እተማህርካዮን እተረዳእካዮን ጽናዕ። እቲ ናይ ኣምላኽ ሱቡ ንሰናይ ግብሪ ዘበለ ፈጺሙ ተዳልዩ፡ ፍጹም ምእንቲ ክኸውን'ሲ፡ መንፈስ ኣምላኽ ዝሰፈሖ ዘበለ ጽሑፍ ንትምህርቲ፡ ንተግሳጽ፡ ንምቕናዕ፡ ንጽድቂ ዝኸውን ምዱብ ይጠቅም ኢዩ።" ዝበሎ 2ጢሞ 3፡10-17 ደጊሙ'ውን፡ "ከምቲ ኣነ ንክርስቶስ ዝመስልክዎ ንስኻትኩም ድማ ነዓይ ምሰሉ።" ኢሉ ዝኣዘዙ፡ እስከ እዮም ነዚ ምስሊ'ዚ ብምዕቃብ፡ ኣብ ትምህርቲ፡ ጸኒዖም ዝሓለፉ ኣዕኑድ ሃይማኖትና ዝኾኑ ቅዱሳን ኣቦታት ሰኢዶምዎ ዝሓለፉ ተግሳጽ፡ ካብ <u>ኣዋልድ መጻሕፍቲ ቤተክርስቲያንና ተረኺቡ፡ ከም ዘለዎ ብትግርኛ ተተርጒሙ ዝቐረበ፡ ገለ ሓቅታት ወሲ ክንብለልኩም።</u>

Scanned with CamScanner

ካብ ድርሳነ ጽዮን

(ገጽ 265 - 267)

1ይ ተኣምር፦

ናይ ሰማያዊት ዝኾነት ጽዮን ኣዴና ቀዳማይ ተኣምር እዚ ኢዩ። ጸሎታን በረኸታን ናይ ክርስቲያን ህዝቢ ምስ ዝኾንና፡ ሎምን ኩሉ ሳዕን ክሳብ ዘለኣለም ይኹን። ኣሜን።



እ ህዝበ ክርስቲያን ብዛዕባ ናይ ጣኦት ኣምልኾ ዝተነግረ እስክ ክንነግረኩም ስምዑ። "ብትዕግስትን ብምጽንናዕ ጽሑፋትን ንተስፋ ምእንቲ ክኾነልና፡ እቲ ቐደም ዝተጻሕፈ ዘበለ ኩሉ ንምህሮናን ንተግሳጽናን ኢዩ ዝተጻሕፈ።" ክም ዝበለ ሃዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ኣብ ሮሜ 15፡4፣ ናይ ደቂ ኣዳም ወገን ዝኾነ ሓደ ሴሩህ ዝተባህለ ሰብ ነበረ። ነዚ ሴሩህ ዝበሃል ሰብ እምበኣር ቡኑ ዝተባህለ ወዲ ተወሊዱሉ ነበረ። ይኹን ደኣ'ምበር እዚ ቡኑ ዝተባህለ ቀልዓ ገና ብህጻንነቱ እንከሎ ሞተ። ሴሩህ ድማ ቡኑ ወዱ ኣብ ዘይዝዜኡ ስለዝሞተ ኣዝዩ ጉሃየ። ናይዚ ብሃንደበት ካብኡ ብሞት ዝተወሰደ ወዱ ምስሊ ኾነ ገበረ። ጸኒሑ ነቲ ምዉት ሰብ ነም ኣምላኽ ከኾብሮ ጀመረ። ነዩም ኣብ ትሕቲ ስልጣኑ ዝነበሩ ድማ ብምስጢር ብኽመይ ክሰግዱሉ ነምዘለዎም ኣገባብን ስርዓትን ኣመሓላለፈሎም። ነዊሕ ዘመን ምስ ሓለፈ፡ እዚ ልማድ እዚ እናኸረረ ከደ። ኣብ መወዳእታ ድማ ነም ሕጊ ኮነ። ብትእዛዝ ሓያላት መራሕቲ ድማ ኣምልኾ ጣኦት ተጀመረ። ይብል መጽሓፍ ጥበብ ሰሎሙን 14፡15-16

ኣብ መቓብር ናይዚ ቡኑ ዝተባህለ ቀልዓ እምበኣር፡ ሰይጣን ኣዝዩ ዝፈትዋ፡ ካብ ወልፋ ዝተበገሰ እውን፡ ጾም እተሰዕር ኣዝያ ክፍእቲ ዝኾነት ተኸሊ ቦቐለት። እው፡ እቲ ኣብ ማእከል ስርናይ ክርዳድ ዝዘርኣ ጸላኢና ዝኾነ ዲያብሎስ፡ ካብቲ ዝነበረቶ ኣምጺኡ ኣብ ልዕሊ መቓብር እዚ ቀልዓ ዘርኣ። ብስም ቡኑ ድማ ቡን ተባህለት። ኣብ ታሪኽ ፍጥረት ዓለም ነም ዝፍለጥ፡ ብዕለተ ሰሉስ ካብ ዝተፈጥሩ ኣትክልቲ ገለ ሰናያን (ንጹሃን) ኣትክልቲ፡ ገለ ኾኣ ክፉኣት ኣትክልቲ ኣለዉ። ክመይ እንተ ተባህሉ፡ "ጽቡቕ ኦም ክፉእ ፍረ ክፈሪ፡ ወይስ ክፉእ ኦም ጽቡቕ ፍረ ክፈሪ ኣይትነሉን ኢዩ" ክም ዝበለ ማቴ 7፡18

ብኸምዚ ምኽንያት ክኣ ንደቂ እስማዔላውያን መስዋእቲ ኮነዮም። ክሳብ እቲ ናይ ተንባላት ሓለቓ ዝኾነ መሓመድ ድማ በጽሐት። ተንባላት ብዘይካ እዛ ተኸሊ እዚኣ ካልእ ኣይስውኡን ኢዮም። ተንባላት ማለት ተኹተልቲ ናይ መሓመድ ዝኾኑ ህዝቢ ኢዮም። ንጣኦት ዘምልኹ ናይ ዛር መንፈስ ዘለዎም ሰባት'ውን እንተኾኑ፡ ነዛ ዝተባህለት መስተ'ዮም ክም መስዋእቲ ዘቕርቡ። ናይ ቡን ወልፊ ሐዙና እናበሉ ጾም ዝሰዕሩ፡ ንበዓል ዝደፍሩ፡ "ርእሰና ሓሚምና" ብምባል ድማ፡ ነቲ ኣብ ውሽጦም ዝሓደረ ናይ ወልፊ ጋኔን ዘገልግሉን ግብሪ ዘቕርቡን ሰባት ኣዝዮም ብዙሓት ኢዮም። ገና ብንግሆኡ ድማ ነዛ መስተ እዚኣ ብምስታይ ካብ ቀዳሲ ኮነ ቅዱስ ቁርባን ይብኾሩ። እዛ ተኸሊ እዚኣ እምበኣር፡ ክሳብ ክንድዚ ክፍእቲ ናይ ርኽሰት ተኸሊ ብምኾን፡ ምሉእ ሕብረተሰብ ከተስሕት ትኽበር ኣላ።

Scanned with CamScanner



ኣብ መጽሓፍ ምሳሌ ሰሎሞን፡ ኣብ ትርጓሜ 13፡1 ንኽፉእ ሰብ፡ "ሓወይ ከምዚ ዝኣመሰለ ነገር ስለምንታይ ትገብር ኣለካ" ምስ ዝብልዎ፡ "ከም ዘደለኹዎ ይኹን ገዛእ ርእስካ ፍለጥ!" እናበለ የላግጽን ይነቅፍን ይብል። ንሕና'ኸ ምንቃፍን ምልጋጽን ይትረፍ፡ ምሉእ ብምሉእ እንተገደፍናዮ እንታይ ዝጉድለና ነገር ኣሎ፧! ኣብ ትርጓሜ ወንጌል ሉቃስ 1፡15 ኣብ ናይ ኣምሓርኛ ሕታም፡ ብዛዕባ ዮሃንስ መጥምቅ ንዝተነግረ ቃል ድማ፡ "ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ዓቢ ክኸውን ኢዩ'ሞ፡ ዘስክር መስተ(ወይኒ) ኮነ ዘየስክር መስተ(ቡን) ኣይክሰትን ኢዩ" ኢሉ ብግቡእ ይፈልዮ። ንሕና'ኸ ብኣርብዓን ብሰማንያን መንፈስ ቅዱስ ዝተቐበልና ሰባት፡ ብኸመይ ምኽንያት'ዩ እዚ ዝተቐደሰ ሲጋና መሕደሪ ናይ ዛር ክኸውን እንፍቀድ፧!

ሰማያዊት ናይ ዝኾነት ኣዴና ጽዮን፡ ጸሎታን በረኸታን ምስ ኩሉ ህዝቢ ክርስቲያን ይኹን።

2ይ ተኣምረኛ

ቅድስትን ሰማያዊትን ናይ ዝኾነት ኣዴና ጽዮን ተኣምር እዚ ኢዩ። ጸሎታን በረኸታን ሎምን ኩሉ ሳዕን ንዘልኣለም ምስ ኩሉ ህዝቢ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን።

ንልቢ ዝረድእ ኣእምሮ ዘጽንዕ ካልእ ነገር'ውን ክንነግረኩም ስምዑ። እቲ መሓመድ ዝተባህለ መምህር ናይ ተንባላት፡ ካብ ብዝሒ ክሕደቱ ዝተበገሰ ምስ ኣጋንንቲ ይውዕል ነበረ። ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ክሰግድ እንከሎ ብጽኑዕ ሕማም ፍልጸት ርእሲ ተታሕዘ። እዛ ፍልጸት ርእሲ እዚኣ ካብ ህጻንነቱ ኣትሒዛ ዝሓዘቶ ነበረት እሞ፡ በዛ ሕማም ርእሲ እናተሳቐየ እንከሎ እምበኣር ዲያብሎስ ብተንኮሉ ከሲሕቶ ብእካል መጸ። "መሓመድ ፍቐረይ እንታይ ኢኻ ኽንገፍ" ድማ በሎ። ካብቲ ዘገርም ግን እቲ ሕማም ርእሲ ዝኸውን ዝኸበረ ብስዉር ንሱ ዲያብሎስ'ዩ ዝነበረ። መሓመድ ድማ፡ "ነቢድ ሕማም ርእሲ ነይሩኒ በዚ ሕማም እዚ ኸኣ ኣዝየ ይጭነቐ ኣለኹ" በሎ። ዲያብሎስ ድማ፡ "እምበኣር ንርእስካ ዝኸውን መድሃኒት እንተነገርኩኻ፡ ናይ ልበይ ፍቓድ ዘበለ ኩሉ ትፍጽም'ዶ?" ኢሉ ሓተቶ። መሓመድ ድማ በሎ፡ "ካብዚ ሕማም እዚ እንተኣሕዊኻኒ ሓሳብ ልብኻ እሰምዕ ዝበልካኒ ኩሉ ድማ እገብር።"

ብድሕሪ'ዚ ዲያብሎስ ዕፀ-ጌት፡ ዕፀ-ኩሰራ፡ ዕፀ-ሰዋራጺስ ዝተባህላ ሰለስተ ኣትክልቲ ኣምጸአ'ሞ ንመሓመድ ሃቦ። በሎ ድማ፡ "እዛ ዕፀ-ኩሰራ (ቡን ንማለት'ዩ) መድሃኒት ክትኮነካ እንካ ውሰዳ። ካብዚኣ ምስ እትሰቲ ካብ ሕማም ርእስካ ብቕልጡፍ ክትፍወስ ኢኻ። እዛ መስተ እዚኣ ድማ ኣብ መካ መዲና ንውሉድ ወለዶ መስዋእቲ ክትከውን ኢያ!" ድሕሪ ምባሉ፡ ኩሉ እቲ ርኹስ ዝኾነ ተግባራት ኣቀላልዋ ቡን ኣርእዮ።

መሓመድ ድማ፡ ዲያብሎስ 'ብምስሊ መልክዐይ ጌርካ ቀለዋ' ከምዝበሎ፡ ነዛ ዕፀ-ኩሰራ ተባሂላ ዘላ ቡን ኣሕሪሩ ቀለዋ። ዲያብሎስ ከኣ፡ "ኩሉ ግዜ ልክዕ ከምዚ እንተዘየሕሪርካያ መድሃኒት ኣይትኾነካን ኢያ" በሎ። መሓመድ ከኣ ኩሉ ዝበሎ ገበረ፡ ካብታ ዝቐለዋ ቡን ድማ ሰተየ። ምስ ሰተያ ድማ፡ እቲ ሕማም ርእሱ ንግዚኡ ዝገደፎ መሰሎ፡ ድሒሩ ግን ቡብሰዓት እናጸንሐ ይለዓሎ ነበረ።

ኣ ሰማያዊት ጽዮን ኣዴና፡ ጸሎትክን በረኸትክን ሎምን ኮሉሳዕን ንዘልኣለም ምስ ኩልና ውሉደ ጥምቀት ደቅኺ ይኹን። ኣሜን።

Scanned with CamScanner



3ይ ተኣምረኡ

ቅድስትን ሰማያዊትን ናይ ዝኾነት ኣዴና ጽዮን ተኣምር እዚ ኢዩ። ጸሎታን በረኸታን ምስ ኩልና ውሉደ ጥምቀት ይኹን።

መሓመድ ዕፀ-ኩሰራ ንዝተባህለት ቡን ከፍልሕን ክሰግድን እንከሎ፡ ፍርቃን ዝተባህለ መጽሓፍ ምንባብ ኣዘዩ ይፈቱ ነበረ እሞ፡ ዲያብሎስ ናብኡ መጸ። ከምዚ ድማ በሎ ኣብ ምዕራፍ 28 ዘሎ ቃላት ጽሓፎ እንተኾነ ግን ንኸየንብብዎ ከልክለሎ። ኑዮም ወገናትካ ዝኾኑ ተንባላት ከኣ ኑቲ ዝተኸልከለ ገዲፎም ኑቲ ዘይተኸልከለ ጥራይ ንኸንብብዎ፡ በዚ ኣጸቢቕካ ምሃሮም በሎ።

ተኸተልቲ መሓመድ ተንባላት ድማ፡ ነዚ ትእዛዝ እዚ ሒዞም ይጽሕፍዎ፡ ንኸየንብብዎ ግን ይኽልክልዎ። "<u>ነዚ ትእዛዝ እዚ ደፊሩ ዘንበቦን ዝተርጉሞን ግን ዝተረግመ ይኹን፡ ሱሩን መሰረቱን ይነቐል፡ ኣዕጽምቱ ይሰበር ሲጋኡ ይሕበጥ፡ መልሓሱ ይቆረጽ፡ ኣዒንቱ ይዕወር</u>" ይብሉ።

ዲያብሎስ ንመሓመድ ከምዚ ኢልካ ኣውግዝ(ክልክል) ዝበሎ ቃል ኢዩ'ሞ፡ ሰለዚ ድማ መሓመድ ድሒሩ ንወገናቱ ብኸምዚ ዓይነት ወገዞምን ከልከለሎምን።

እቲ ዝተኸልከለ ጽሑፍ ድማ "<u>ሻውዚን ነፋሕን ነፋሕን ወረምሃ ላቲ ኣህሰነት ኢናበሐ፡ ወሰደቀት በክሊማቲ ረቢሃ በሃት ነቢ</u>" ዝብል ኢዩ። እዚ ማለት ድማ፡ "<u>ካብቶም ሰለስተ ኣካላት ሓደ ወሪዱ ኣብ ማህጸን ድንግል ማርያም ክሓድር ኢዩ፡ ብዘይ ሰብኣይ ከኣ ካብ ድንግል ብድንግልና ክውለድ ኢዩ</u>" ዝብል ኢዩ።

ኣላህ ማለቶም ኣምላኽ ማለት ኢዩ። ፍርቃን ኣብ ዝተባህለ መጽሓፎም፡ ንሳቶም "እንጀሎሙ" ይብልዎ፡ እዚ ማለት ድማ ወንጌሎም ኮይኑ፡ ካብ ሰለስተ ኣካል ሓደ ኣካል ካብ ሰማየ ሰማያት ወሪዱ ካብ ድንግል ተወልደ ይብል። እዚ ንኸየንብብዎ ብድያብሎስ ብመንገዲ መሓመድ ሰለዝተኸልከለ ኢዮም እምበኣር፡ "ኣምላኽ ኣይወልድ ኣይውለድ!" ብምባል ክሳብ ሕጂ ዝምህሩ ዘለዉ።

እተን ሰለስተ ኣትክልቲ ማለት ዕፀ-ጌት(ፍጌት)፡ ዕፀ-ኩሰራ(ቡን)፡ ዕፀ-ሰዋራጺስ(ትምባኾ) ዝበሃላ ኸኣ ኣስማተን ዝተፈላለየ'ኳ እንተኾነ ግብረንን ጠባያተንን ሓደ ኢዩ። ኩለን ድማ፡ ኣብ ወዲ ሰብ ናይ ወልፊ መናፍስቲ ማለት ኣጋንንቲ ከምዝሰፍሩ ይገብራ። ብፍላይ ከኣ ቡንን ፍጌትን ናይ መሓመድ መስዋእቲ ኢየን።

ድያብሎስ ናብ እንጦርጦስ ዝወረደሉ ቦታ፡ ማለት ኣብ መካ መዲና ዘቕርቡወን መስዋእቲ ኸኣ እዚኣተን ኢየን። እዚ ነገር እዚ ዝተለምደ ድማ ካብ ግብጻውያን ዝኾኑ ተንባላት ኢዩ።

ናብ ምድሪ ኣግዓዚ ዝመጸሉ መንገዲ ድማ ብናይ መሓመድ ስርዓትን ሕግን ዝንዓዙ ዝነበሩ ኣቦል፡ ቶና በረካ ዝተባህሉ ሰለስተ ሰባት ኮይኖም፡ ንንግዲ ተመሲሎም ምስ ሓሙሽተ ተንባላት መጺኦም ብዘተኣታተውዎ ኢዩ። ስለዚ እምበኣር፡ <u>እዘን ሰለስተ ኣትክልቲ ፍጌት፡ ቡን፡ ትምባኾ ኣህዛብ ንሰይጣን ካብ ዘቕርቡወን ናይ ጣኦት መስዋእቲ ኢየን</u>።

Scanned with CamScanner



ክርስቲያን ንዘኾነ ህዝቢ ግን፡ ካብዘን ዝተባህላ ኣትክልቲ ምብላዕ ኮነ ምስታይ ግቡእ ኣይኮነን። "እቶም ነዘን ናይ ወልፊ ኣትክልቲ ብድፍረት ዝበልዑን ዝሰትዩን ሰባት ግን፡ ምስቶም ዘይተጠምቁ ፍርዶም ንእሳተ ገሃነም ኢዩ" ክብል መጽሓፍ ድማ፡ በታ፡ እቲ ፍርዲ እዚ ኢዩ። እቲ ናይ መጀመርያ ፍጥረት ዝኾነ ኣዳም ኣይትብላዓያ ንዝተባህላ ኣም ብምብልዑ ካብ ናይ ብርሃን ልብሱ ክብል ዝዓረቐ፡ ካብታ ናይ ሓጉስ ቦታ ዝኾነት ገነት እትኣክል ስፍራ፡ ናብዛ ናይ ፍዳን መርገምን፡ ናይ ስቓይን ፍርሃትን ዝኾነት ምድሪ ክምዝተሰገገ፡ ንሕና ድማ ነዘን ርኹሳት ዝኾና ኣትክልቲ ብምብላዕና ኮነ ብምስታይና፡ ስለምንታይ ግዳይ ናይዚ ተነጊሩ ዘሎ ፍርዲ እንኸውን! ስለዚ ነዘን ኣትክልቲ እዚኣተን ብምብላዕን ብምስታይን ኣይትስሓቲ። እዚ እናገብርኩም ድማ ንጹሕ ዝኾነ ናይ እግዚኣብሄር ቤት መቕደስ ኣይተርክሱ።

ኦ ቅድስቲ ሰማያዊት ጽዮን ኣዴና ንኹልና ህዝቢ ክርስቲያን ሎምን ኩሉሳዕን ክሳብ ዘልኣለም ሓልውናን ዓቅብናን።

Scanned with CamScanner

ካብ ገድሊ ኣቡነ ሰላማ

ኩሉ ዝተጻሕፈ ዘበለ ንተግሳጽና ኢዩ ተጻሒፉ'ሞ፡ ኩልኹም ኣሕዋት ህዝበ ክርስቲያን፡ ሓቂ ወንጌል ክንሰግረኩም ጽንኡ ኢልኩም ስምዑ። ሓደ ሲሩህ (ሲሩሕ) ዝበሃል ሰብኣይ ነበረ። ነዚ ሰብኣይ እዚ ድማ ቡኑ ዝበሃል ቁልዓ ነበሮ። ብስም እዚ ቁልዓ እዚ ኢዩ እምበኣር ጣኣት ዝተጀመረ። ኣብ መቓብሩ ክኣ ሰይጣናዊት ተኽሊ በቐለት። ብስሙ ምኽንያት ድማ 'ቡን' ተባሂላ ተሰምየት። እዛ ቡን ዝተባህለት ተኽሊ ድማ'ያ ንደቂ እስማዔል፡ ደቂ ኤሳውን ደቂ ኣማሌቕን መስዋእቲ ዝኾነት። ናብቲ ናይ ኣማሌቓውያን ነቢይ ተባሂሉ ዝፍለዋ መሓመድ ዝተባህለ ሰብኣይ ድማ በጸሐት። ንኣማሌቓውያን ድማ በዛ ተኽሊ እዚኣ ገይሮም መስዋእቶም ክቕርቡ ሃቦም። ኣማሌቓውያን ማለት ኣመንቲ ምስልምና፡ ሰዓብቲ መሓመድ ዝኾኑ ህዝቢ ኢዮም። እዛ ተኽሊ ቡን እዚኣ ኢያ እምበኣር ክሳብ ሎሚ ርእስና ሓሚምና እናተባህለ ወግሒ ጸብሐ ኩሉ ሰብ ዝሰትያ ዘሎ። <u>ንዘመናት ድማ ጾም እናኣስዓረት፡ ንቅዱስ ቁርባን እናኣራኽሰት ሰይጣናዊት መስዋእቲ ኮይና ኣብ ነፍሲ ወከፍ ቤት እትርከብ ዘላ።</u>



እቲ መሓመድ ዝበሃል ናይ ኣማሌቓውያን መምህር፡ ኣብ ዘመን ህይወቱ ምሉእ ዕድሜኡ ዘሳቐዮ ዝነበረ ሓያል ዝኾነ ፈልጺ ሕማም ርእሲ ነበሮ። ከምቲ ኩሉ ግዜ ዝገብሮ እምበኣር፡ ሓደ መዓልቲ ክቱር ቃንዛ ርእሲ ጀመሮ'ሞ፡ ሰይጣን ብኣኻል ተገሊጹ፡ "ኣንታ ፈታውየይ፡ እንታይ ኢኻ ኪንካ?" በሎ። መሓመድ ክኣ፡ "ሕማም ርእሲ ስለዝበርትዓኒ ኣዝየ ይጭነቐ ኣለኹ" በሎ። ዲያብሎስ ክኣ፡ "ኣነ ንሕማም ርእስካ ዝፍውስ መድሃኒት ክህቦካ እየ እሞ፡ ልብኻ ክፈትካ ንምኽረይ ተቐበሎ፡ ብቅጽበት ድማ ካብ ሕማምካ ክትሓዊ ኢኻ" በሎ። መሓመድ ክኣ፣ "ካብዚ ሕማም እዚ ክትፍውሰኒ ትኽእል እንተ ደኣ ኪንካ፡ ዝበልካኒ ኩሉ ክፍጽም እየ" በሎ። ብድሕርዚ ዲያብሎስ ሰለስተ ኣትክልቲ ኣምጺኡ ሃቦ። እተን ኣትክልቲ ክኣ ዕፀ-ጌት(ሜት)፡ ዕፀ-ኩስራ(ቡን)፡ ዕፀ-ሰዋራጺስ(ትምባኾ) ዝበሃላ ነበራ።

ካብዚ ቀጺሉ ክኣ፡ ብኽመይ ኩዳልዎ ክም ዘለዎ ብዝግባእ ኣርኣዮ። ብመጀመርታ ዘርኣዮ፡ ናይ ቡን ኣሰራርሓ ነበረ። በለ ድማ፡ "<u>ክም መልክዐይ ንፈሓም ኣምሲልካ ቅሰዋ፡ ክም መልክዐይ ጸላም ክሳብ እትኸውን እንተዘይቆሊኻኒ ኣይትጨኑን ኢዩ። ስለዝኾነ ድማ ንመስዋእቲ ክትከውን ኣይትኽእልን ኢዩ</u>" ብማለት ገለጸሉ። ቀጺሉ፡ "እንካ ብዘይ ገለ ዋጋ ውሰዳ። ኣብ መካ መዲና ንደቂ ደቅኻ መስዋእቲ ክትከውን ኢዩ። ንኣዕሩኽትኻ እስማዔላውያን ድማ ስርዓቱ ብዝግባእ መሃሮም ኢኻ" በሎ። "እምበኣር፡ ክምዚ ዝንገርኩኻ ኩሉ እንተገበርኻ፡ ኣነ ድማ ነዚ መስዋእቲ እዚ ክተቕርብ እንከለኻ፡ ንምልክት፡ ዓመት ዓመት ኣብ መካ መዲና ክወርድ እየ" በሎ። "ኣብ ርእሲ እዚ፡ ኑዮም ክርስቲያን ዝኾኑ ሰባት፡ ቅዱስ ቁርባን ድሕሪ ምውሳዶም ወይ ምቕባሎም፡ ነዛ መስዋእቲ እዚኣ ኣዳልዮም ክም ዝሰትዩዋ ክገብር እየ። ክም ውጺኢቱ ድማ ዝረኸቡ ክኾኑ ኢዮም።

Scanned with CamScanner

እዚ ነገር እዚ ንዓኻ ንምልክት ይኹንካ" በሎ። መሓመድ ክእ ዲያብሎስ ከም ዝበሎ ኩሉ ገበረ። ነታ ተኻሊ ቡን ፈሓም ኣምሲሉ ቆልዩ ጎዲኡ ኣፍሊሑ ሰተያ። ንእሉቱ ክእ ካብ ሕማም ርእሱ ሓወየ።

እዚ ፍሉይን ስዉርን ዝኾነ ምስጢር ስለዘለዋ ኢዮም እምበኣር፡ <u>ገና መሓመድ ቅድሚ ምምጽኡ ብመንፈስ ፈሊጦሎ፡ ኣቡነ ሰላማ ኣብ ዘመኖም ንቡን ከም ቡን ብኣምልኾ ጣኦት ደረጃ ብምኽልኻል፡ "ብዛዕባ እዚ ነገር እዚ ፍለጡ፡ ከምኡ'ውን ኣስተውዕሉ!" ብምባል ነዚ ካብ ልቢ ደቂ ሰባት ተሰዊሩ ዝነበረ ሓቂ ዘዘንተዉሎምን ኣትሪሮም'ውን ሓደራ ዝበልዎምን።</u>

ቀጺሉ፡ እዘን ኣትክልቲ እዚኣተን ኣብ ምድሪ ግብጺ ዝነበራ ኮይነን፡ መነኮሳት ተመሲሎም፡ ንንግዲ ዝመጹ ኣባ ኣቦል፡ ኣባ ኣቶና ከምኡ ድማ ኣባ ባራካ ብዝተባህሉ ወገናት ነቢይ መሓመድ ኢያን ንመጀመርታ ግዜ ናብ ምድሪ ሓበሻ ዝኣተዋ። እዘን ኣትክልቲ እዚኣተን ንኣሞራውያንን ኣማሊቓውያንን ክቡራት መስዋእቶም ክኾና እንከለዋ፡ ክርስቲያን ንዝኾነ ህዝቢ ብዝምልከት ግን፡ ካብዘን ተጠቒሰን ዘለዋ ኣትክልቲ ክበልዕ ኮነ ክሰቲ ኣይግባእን። ነዚ ሰጊሩ ዝሰተየ ሰብ ድማ፡ ኮነኔኡ ከምቲ ዘይተጠምቀ ርስቱ ድማ ንእሳተ ገሃነም ክኸውን ኢዩ'ሞ፡ ኦ ህዝበ ክርስቲያን ካብ ምስታይ እዘን ተባሂለን ዘለዋ ኣትክልቲ የድሕንኩም። ከምቲ ብሰንኪ ምብላዕ ሓንቲ ተኾሊ ካብ ገነት ዝተሰንጐና፡ ከምኡ ድማ ብሰንኪ ርኽሰት ናይዘን ኣትክልቲ ከይንኹነን፡ ጎይታ ኣብ ወንጌሉ፡ "ካብ ግብሪ ፈሪሳውያን ተሓለዉ" ከም ዝበሎ፡ ንሕና ድማ ካብዘን ዝተገልጻ ምኽንያት ወልፊ ዝኾና ጣኣታውያን ኣትክልቲ ክንሕሎ ይግባእና። ነዚ ሰጊርኩም እንተሰተኹም ግና፡ እታ ቅድስት ቤተ ጸሎት ከይትረክስ፡ ናብ ቤተ ክርስቲያን ኣይትኺዱ። ምኽንያቱ፡ ካብቲ በዘን ናይ ወልፊ ኣትክልቲ ኣእምሮኡ ዝተታሕዘ ክርስቲያን፡ እቲ ዘይተጠምቀ ሰብ ሰለ ዝሓይሸ።

ንመጀመርታ ግዜ ኣብ 350 ዓ.ም ሕማን ሰርዓትን ቤተክርስቲያን ሰራቶም፡ ክርስትና ናይ ኤርትራን ኢትዮጵያን ሃይማኖት ኮይኑ ከም ዝእወጅ ዝገበሩ፡ **"ብትምህርትካን ሱብኽትካን ንጽሕና ልብካን ንምድሪ ኣግዚኤት ዘብራሀኪያ ንሰኻ፡ ኣገልጋልየይ፡ ፍቐረይ፡ ምእመነይ ከም ልቢይ፡ ካብ ብርሃን ጸሓይን ወርሕን ብሾብዓት ኢድ ዝዓቢ ክብርኻ፡ ካብ ክብሪ ጻድቃንን ሰማዕታትን ዝመለሱ የብሉን እሞ፡ ነዓኻ ድማ ኣብ ልዕሊ ቅዱሳን ኣብራሀኩኻ፡ ናይ ቅዱሳን ብርሃናምን ጸሓየምን ገይረካ ኣለኹ። ስለዚ ካብ ናይ ኮሎም ቅዱሳን ዝዓቢ መንበር ውሲድ ነህልኻ፡ ኣብ ትሕቲ ኣደይ ኣብ ልዕሊ ኮሎም ቅዱሳን ክትቅመጥ ኢኻ።"** ተባሂሉ ዝተነግረሎም፡ **"ናይ ሰላምን ፍቅርኽ፡ ናይ ድሕነትን ፅረፍትኽ፡ ናይ ሓጎስን ተድላን ዘመን"** ዝብል ትርጉም ዝሓዘለ ስም ዝተዋህቦም ዓብይን ክቡርን ዝኾኑ ኣቦ፡ ቅዱስ ኣቡነ ሰላማ ከሳቴ ብርሃን ዝእኽሉ፡ 'ኣይትሰተ!' ኢሎም ዝኾልክልዎ ተኽሊ፡ ቃላቶም ሰጊርና ብድፍረት ኣንጻር ለበዋኣም ክንከይድን ክንምድርንሲ፡ ምስ ምንታይ ክቑጸር ይክኣል፧!

<u>እዚ ቃል ውግዘት ኣቡነ ሰላማ ኣብ መጽሓፍ ገድሎም(ኣብ ብራና)፡ ከም መወዳእታ ተኣምር ተጻሒፉ ዝርከብ ክፍሊ ኢዩ።</u> ከም ፍቓድ እግዚኣብሄር መጽሓፍ ገድሊ ናይዞም ብሩኽ ኣቦ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ሓጺር ዓመታት ብትግርኛ ተተርጒሙ ንዘረኹቱ ኣብ ህዝቢ ከም ዝቐረበ ዝዝክር ኮይኑ፡ እንተኾነ ምሉእ ታሪኽ ናይቲ ገድሊ ብዘተኻእለ መጠን ብጽፉፍ ተተርጒሙ ኩብቅዕ፡ <u>ኣብ መወዳእታ'ቲ መጽሓፍ ገድሊ፡ ንቡን ብዝምልከት ዝተጻሕፈት ለበዋ ግን ኣብቲ መጽሓፍ ከይተጻሕፈ ተሪፉ ከም ዘሎ ክፍለጥ ይግባእ።</u>

Scanned with CamScanner

ካብ ድርሳነ ኣርባዕቱ እንስሳ

ናይ ወርሒ ሚያዝያ (ገጽ 73-75)



ብሰላም ወዓሉ ብሰላም ድማ ንበሩ። ብዘይ ዝኾነ ድኻም ብቐሊሉ ናብ መንግስተ ሰማያት እትኣትዉ ኣይምሰልኩምን። ለይትን መዓልትን ንእግዚኣብሔር ተገዝኡ። መብልዕኩም ዘበለ ኩሉ ድማ መንፈሳዊ ይኹን። ነፍሲ ኣብ ደም ኢያ እትርከብ እሞ፡ ዝሞተ እንስሳ ኮነ ደም ናይ እንስሳ ኣይትብልዑ።

ካብ ኣትክልቲ፡ ኣጋንንቲ ዝጥቀሙለን ሰናያን ዘይኮና ማለት ዘይተባረኻ ኣትክልቲ ኣለዋ። ንሳተን ድማ፡

1. ካብ ክርሲ ኣርዮስ ቦኾላ ዝወጸት ተኾለ ትምባኾ

2. ኣብ ምድሪ ቆላ ዝበቐለት እሞ፡ ደቂ ኤሳው ብማይ ኣፍሊሑም ዝሰትዩዋ ተኾለ ሰዋራጢስ (ቡን)

3. ካብ ክርሲ እቲ ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ዝተረግመ መጥቁል መሰርይ ቦኾላ ዝወጸት ተኾለ ዕፀ ፋርስ

4. ከምኡ'ውን እታ ደቂ ዓረብ "ምልኣትና" ክሳብ ብምባል ኣዝዮም ዘፍቅርዋ፡ ግና'ኳ መጽሓፈ ሓዋ "ዕፀ ከንቶ" ኢሉ ዝሰመያ መስሓቲት ተኾለ ኣዝልዕት

Scanned with CamScanner



ሓንቲ ካብዘን ኣትክልቲ እምበኣር፡ ኢጋንንቲ ኣዘየም ዝፈትዉዋ፡ ሕማም ሲጋን ነፍሰን ዝኾነት ናይ ዝሙት ተኽለ. ኢ.ያ።

ህዝቢ. ምድሪ ሓበሻ ማለት(ምድሪ ኣግዓዚት) ብዛዕባ ግብርን ስራሕን ናይዘን ኣትክልቲ እዚኣተን ምንም ዝፈልጦ ነገር ኣይነበሮንን። እንተኾነ ግን፡ ሓሙሽተ ኣስላም ካብ ብሄረ ዓረብ ንንግዲ ናብ ምድሪ ኢትዮጵያ ኣብ ዝመጹሉ ግዜ፡ ዕፀ ኩስራ፡ ዕፀ ሰዋራጢስ፡ ከምኡ ድማ ዕፀ ጌት ዝበሃላ ሰለስተ ኣትክልቲ ተማልኡ።

ድሕሪ ልደተ ክርስቶስ ኣብ ሻብዓይ ክፍለ ዘመን፡ ዲያብሎስ ንመሓመድ ብዘርኣዮ ድማ፡ ብፍላይ እታ ቡን ተባሂላ እትጽዋዕ ዕፀ ሰዋራጢስ፡ ኣብ ሜካ መዲና መሰዋእቲ እስማዔላውያን ንኽትከውን ሃቦ። ኣብ ልዕሊ እዚ፡ ብዛዕባ ግብርን ስራሕን ናይዘን ኣትክልቲ እዚኣተን ብግቡእ ዝነግሩ፡ ዚና ኣበውን መጽሐፈ ዮዲትን፡ ድርሳነ ኡራኤል፡ ድርሳነ ጽዮንን ባሮክን ከምኡ'ውን መጽሐፈ መዝገበ ሃይማኖት ዝበሃሉ ተወሰኽቲ ናይ ኣቦታት መጻሕፍቲ ከም ዘለዉ'ውን ንነግረኩም።

ስለዚ እ ኣሕዋተይ፡ ንምብላዕ ነኳ ንምስታይ ከምኡ'ውን ንምትንክፍ እዘን ኣትክልቲ እዚኣተን ኣይትድፈሩ። ነዚ ሰጊርኩም እንተደፈርኩም ድማ፡ ቅዱስ ቁርባን ንምውሳድ ኣይትዳለዉ፡ ቤት እግዚኣብሄር ድማ ኣይተርክሱ።


መብልዕኩም ዘበለ ኩሉ መንፈሳዊ ይኹን። ኣብ መንግስተ ሰማያት ዓስብኹም ዓቢ ክኸውን ኢዩ'ሞ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ኣንብቡ። ንጥቡብ ተማሃርዋ፡ ንድኽነት ኣሳንኩም ብጸጋ እግዚኣብሄር ምሉኣትን ሃብታማትን ደኣ ኩኑ እምበር፡ መሰዋእቲ ናይቶም ዓያሹስ ኣይትድለዩ።

ናይ ትጉሃን ሰማይ ኣርባዕቱ እንስሳ ጸሎቶምን በረኹቶምን ምሕረት ኣምላኾምን ምስ ኩልና ህዝበ ክርስቲያን ይኹን። ኣሜን።

Scanned with CamScanner

ካብ ድርሳነ ኣርባዕቱ እንስሳ

ናይ ኣቡነ ብፁዐ ኣምላክ ተኣምር (ገጽ 137-139)



ሓደ መዓልቲ መንፈስ ቅዱስ ንኣቡነ ብፁዐ ኣምላክ ተገልጸሎም እሞ፡ "ኣ ብፁዐ ኣምላኽ፡ ናይ ሓጥኣን ነፍሳት ከተውጽእ ነዓ ንሲኦል ናይ እሳት ባሕሪ ዝመታ!" በሎ። እዚ ድሕሪ ምባል፡ ናይ እሳት ፈረስ ኣምጻኣሉ። "ነዚ ፈረስ እዚ ተጸዓን'ሞ፡ ፍጹም ከይፈራሕካ ንሱ ናብ ዝወሰደካ ኪድ!" በሎ። ብድሕሪ'ዚ ኣብቲ ፈረስ ተጻዕነ፡ ከም ቋሕ ሰም ናይ ዓይኒ ድማ ናብ ሲኦል ናይ ባሕሪ እሳት ኣብጸሐ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣቡነ ብፁዐ ኣምላክ ንሲኦል ሰለስተ ግዜ ዘመታ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ገዘመቱላ ህሞት ድማ፡ ኣብ ሓንቲ ጸጉሪ ናይቲ ፈረስ ሰለስተ ነፍሳት እናተሰነመ ማእሊያ ዘይብሎም ነፍሳት ኣውጸኡ። ንኹሎም ድማ ናብ ናይ ሓጎስ ሰፍራ ዝኾነት ገነት ኣእተዎም።

ኣቡነ ብፁዐ ኣምላክ ምረትን ስቓይን ናይቲን ነፍሳት፡ ረስንን ዋዕን ናይቲ ነበልባል፡ ኣሰቃቒ ዝኾነ በረድን ቁርን ኣሳሓይታን፡ ኣገዩ ደሃሊ ዝኾነ ግብ ዝበለ ጸላም ናይ ሲኦል ምስ ረኣየ ኣመና ጎሃየን ሓዘነን። መንፈስ ቅዱስ ድማ፡ "ኣ ብፁዐ ኣምላኽ፡ ደቅኻ ዘበሉ ነዛ ጸላም እዚኣ ኣይክርእየዋን ኢዮም፡ ጨናእ'ውን እንተኾነ ፍጹም ኣይክጨንዎምን ኢዩ'ሞ ኣይትሕዘን!!!" በሎ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ሲኦል ብዙሓት ነፍሳት ካብኣ ከም ዝወጹ ምስ ረኣየት ኣምሪራ በኸየት። በለት ድማ፡ "እቲ መድሓኒ ካብ ኣቤል ክሳብ ግዜ ስቕለቱ ንዝኸበሩ ነፍሳት ዘሚቱ፡ ኣጋ ምሽት ዓርቢ ናብ ናይ ሓጎስ ሰፍራ ዝኾነት ገነት ኣእተዎም። ካብቲ ግዜ'ቲ ጀሚሩ እምበኣር፡ ሓጥኣን ካብ ኣጋ ምሽት ዓርቢ ክሳብ ጸሓይ ብራቕ ሰኑይ፡ ካብ ሲኦል ወጺኦም ኣብ ገነት ከዕርፉ እንከለዉ፡ ጻድቃን ድማ ናብ ኤረር ሰማይ ወጺኦም፡ ንመንግስተ ሰማያት ብዕጽውታ ኣማዕድዮም ብናፍቆት እናረኣይዋ ይቕንዩ። እዚ ነገር'ዚ ድማ ካብ ስቕለቱ ጀሚሩ ብዘለዎ ጸኒዑ ይነብር ኣሎ። እቲ ሚካኤል ዝተሰምየ ሊቀ መላእክት'ውን እንተኾነ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ በዓሉ ቁጽሪ ዘይብሎም ነፍሳት ይዘምተኒ። እዚ ከይኣክል፡ ሕጂ ድማ እዚ ሰብ እዚ ኣገዩም ብዙሓት ነፍሳት ዘሚቱኒ፡ ወይለይ! ኣነ ደኣ መን ሒዘ'የ ክተርፍ!"

መድሓኒና ድማ፡ "ሓጥኣን ገና ኣብ ምድሪ እንከለዉ ብዘይ ንሱሓ እንተ ሞቱ፡ ብሰንኪ ሓጢኣቶም ናባኻ ይእተዉ። ኣብ ክንዲ እዞም ሎሚ ብፁዐ ኣምላክ ዘውጸኦም ነፍሳት ድማ፡ እቶም ፍጹት ዕፀ ፋርስን ዝወሰዱ፡ ትንባኾን እታ ዕፀ ኩሰራ ተባሂላ እትሰመ ቡንን ዝሰትዩ ዘበሉ ኩሎም ንዓኻ ይኹኑኻ!!!" ክብል መለሰ ።

ኣቡነ ብፁዐ ኣምላክ ናብ ቦቱኡ ምስ ተመልሱ፡ መንፈስ ቅዱስ "እዚ ፈረስ እዚ ንደቅኻ ናብ ሰማይ ኣዕሪጉ ነቲ ናይ እሳት ባሕሪ ክሳግሮም ኢዩ። ነቶም ዝቃወሙኻ ዘበሉ ድማ ናብ ታሕቲ መዓሙቕ ክውርዶም ኢዩ!" በሎ። ናይ ኣቦና ብፁዐ ኣምላክ ጸሎቱን በረኾቱን ምሕረት ኣምላኹን ምስ ኩልና ህዝበ ክርስቲያን ይኹን። ኣሜን።

Scanned with CamScanner

ካብ መጽሐፈ ዜና ስላሴ

(ኣብ ገጽ 81-82)



ሕጂ ድማ ብዛዕባ ሕማምን ሞትን ናይ ጎይታናን ኣምላኽናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ንጽሕፍ ኣለና። ኣይሁድ ንጎይታና ኣብ ማእከል መጋባእያ ኣብ ዝሓዝዎ ግዜ ኣንስቶም ብልማድ ናይ ባህልን እናሳዕሰዓ ኣጕባዞም ድማ ቆጽሊ ተኽለ ሰዋራጢስ ብምብላዕን ብምስታይን፡ በዓልን ሓጎስን እናገበሩ፡ ርእሱ ብሓለንጊ ዘበጥዎ፡ ናይ እሾኽ ኣኽሊል ተኒትም ድማ ኣብ ርእሱ ደፍእሉ። ከለሜዳ ዝብሃል ክዳን ገበኖ ድማ ከደንዎ። ብኸምዚ ኣገባብ ምስ ሰቐልዎ እምበኣር፡ ጎይታና ድማ፡ "ኣብዛ ዕለት ስቐለተይ እዚኣ ንዝተዋዘየን ዝተጻወተን ብመንግስተይ ኣብ ዝመጻሉ ግዜ ሕነ ክፈድዮ እየ። ንነፍሱ በታ ጸባብ ኣፍደገ እተዋ ክብላ እየ። ምስቶም ናይ ጸልማት መላእኽቲ ድማ ክኣስራ እየ። ኣብ መስቀል ንዝተቐርሰ ሲጋይን ዝፈሰሰ ደመይን ስለ ዘይበለዐትን ዘይሰተየትን ነዛ ነፍሲ እዚኣ ሕድገት ሓጢኣት ዝብሃል ኣይግባእን ኢዩ። እዚ ሰብ እዚ ገና ብሲጋ እንክሎ እንተ ተጣዕሰ ግን፡ ሰዋ ኮነ ሚስ ከይሰተየ፡ ጨው ዝበሃል ድማ ከይለኸፈ ሓደ ዓመት ይጽምኡ። ነዚ ሰጊሩ ተኽለ ሰዋራጢስ ዝሰቲ ዘበለ ግን ሕድገት ሓጢኣት ኣይግብኦን፡ ድሕነት ዝብሃል ድማ የብሉን። እዚ ሰብ እዚ ካብ ጥምቀቱ ይሰዓር፡ ቤተ ክርስቲያን ድማ ኣይእቶ። ምስ ሞተ'ውን እንተኾነ ናይ እግዚኣብሄር ቤት ንኸየርክስ 40 እመት ርሒቑ ይቀበር። ምስ እዚ ሰብ እዚ ብምብላዕ ኮነ ብምስታይ ዝተሳተፈ ክኣ ኣብ ስቓዩ ክሓብር ኢዩ። ስለዚ ነገር እዚ እምብኣር፡ ኣነ መድኃኔ ዓለም ኣውጊዘ ኣለኹ!!!" በለ።

መብርሂ፡- ተኽለ ቡን ኣብ ድርሳነ ጽዮን፡ ገድሊ ኣቡነ ሰላማን ተኣምር ኣቡነ ብፁዐ ኣምላክን "ዕጸ ኩሰራ" ኢሉ ክሰምያ እንክሎ፣ ኣብ ድርሳነ ኣርባዕቱ እንስሳን መጽሓፈ ዜና ስላሴን ድማ "ዕጸ ሰዋራጢስ" ዝብል ስያመ ሂቡዋ ይርከብ። ስለዚ ተኽለ ቡን ብክልቲኡ ስያመ ተጠቒሳ ከምዘላ ክበርሃልና ይግባእ። ንመወከሲ ድርሳነ ኣርባዕቱ እንስሳ ገጽ 74፡ 2ይ ዓምዲ፣ ከምኡ'ውን ተኣምር ኣቡነ ብጹኣ ኣምላክ 4ይ ሕጡብ ጽሑፍ ኣነጻጽር።

Scanned with CamScanner

ኣስተውዕል፦ ኣብዚ መጽሓፍ እዚ ኣብቲ ናይ ቀደም ብራና እኳ ልክዕ ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዘምበብናዮ ብዝግባእ ተጻሒፉ እንተሎ፡ ኣብዚ ሕጂ ተሓቲሙ ዘሎ ሓድሽ ሕታም ግን ምሉእ ትሕዝቶ እቲ ንቡን ብዝምልከት ዝተጻሕፈ ውግዘት ከም ዘለዎ ኮይኑ ኮብቅዕ፡ እቲ "ዕጸ ሰጥራጢስ ዘውእቱ ቡን" ዝብል ሲያሜ ግን፡ "ዝተፈላለየ መብልዕን መስተን" ብምባል ተተኪኡ ንረኽቦ።

ነዚ ዝገበረ ውልቀ ሰብ ድማ፡ መሪጌታ ሄኖክ ዝተባህለ ኣምሓራይ ኮይኑ፡ ክቱር ወልፌ ቡን ዘሎዎ ሰብ ብምኾኑ ጥራይ፡ ነዚ ጽሑፍ እዚ ከም ዝለወጦ፡ ብዛዕባ'ዚ ጌጋ ስርሑ እዚ ኣብ ኣኽሱም ረኺቦም ፊት ንፊት ዝተጻራኽርዎን ዝገንሕዎን፡ ገና ብህይወት ዘለዉ ዓቢ ኣቦ ናይ ቃል ምስክርነት ይህቡ።

ኮብቲ ዘሕዝን ድማ ከምዚ ክንክታተሎ ዝጸናሕና፡ ኣብዛ መጽሓፍ እዚኣ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ብዙሓት መጻሕፍቲ፡ እቲ ብፍሉይ ንቡን ብዝምልከት ዝተጻሕፈ ውግዘት፡ ምኽንያቱ ብዘይተፈልጠ <u>ኮብቲ መጻሕፍቲ ጠቕላላ ክእለ ወይ ብኽፊል ክጎድል ወይ ድማ እቲ ትሕዝቶ ከም ዝቕየር ክግበር ንዕዘብ።</u>

"እቶም ደናቕርን ዘይጽንዓትን ከምቲ ኑቲ ኻልኢ ጽሑፋት ንጥፍኣት ርእሶም ዝጠዋወይዎ ገይሮም ይጠዋውይዎ ኣለዉ። ደጊም ኣቱም ፍቕራተይ ዝ ቕድም እናፈለጥኩምሲ፡ ብሰሕተት እቶም ስዲ ዝኾዱ ዘለዉ ተሳሒብኩም ካብ ጽንዓት ኪትወድቁ ተሓለዉ።" 2 ጴጥ 3፡16-17

እዚ ከም ዘሎ ተረዲእና እምበኣር ነቶም ጥንታውያን መጻሕፍትና ኣናዲና ንምውካስን እቲ ሓቀኛ ሰነድ ንምርካብን ጻዕሪ ከም ዝሓትት ኣቐዲምና ክነቕሓሉ ይግባእ።

<u>ኣባ ሃይለ ማርያም (ኣባ ሃይለ)</u>

ኣባ ሃይለ ባሕታዊ መነኮስ ዝነበሩ ኮይኖም፡ ኣቐድም ኣቢሎም ናይ ዝነበሩ ባሕታዊ መነኮስ "ኣባ ዋነ" ተመሃራይ ኢዮም ኔሮም። መብዛሕትና ህዝቢ ኣስመራ ከም እንፈልጦም ቅድሚ ዕለተ ዕረፍቶም ንውሕ ንዝበለ ዓመታት ኣብ ደብረ መድሃኒት ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ ኣብታ እንዳ ደወል ዝተቐመጡ ኢዮም።

ዝበዝሑ ኣገልገልቲ ከም ዘዘንትውዎ፡ ኣባ ሃይለ ኣብ ዘመነ ህይወቶም፡ መንፈስ ኣምላኽ ንዘለዎም ብሩኾት ምእመናን እናነቓቐሑ፡ ኣስታት <u>37 ኣብያተ ክርስቲያናት</u> ዝሰርሑ ዓቢ ኣቦ ኢዮም ነይሮም። ታሪኾም ንዝፈልጥ ሰብ እዚ ንጹርን ሓጺርን ሓበፊታ ኢዩ።

እዞም ኣቦ እዚኣም፡ ኣብ ዘመኖም ክቱር ወልፌ ቡን ዝነበሮም ኣቦ ኮይኖም፡ "ቡን ክትሰቲ የብላን" ንዝብል ዘረባ ቀዳማይ ተቓዋማይ ብምንባሮም፡ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ክይተረፈ፡ "መን'ዩ ንቡን ዝኾልክል? ኣየናይ መጽሓፍ? ኣነ ይብለኩም ኣለኹ ቡን ንኽይንሰቲ ዝኾልክለና ሕጊ ኣምላኽ ብፍጹም የለን" ብምባል፡ ዓው ኢሎም ዝሰበኾሉ ግዜ ብጭቡጥ ይዝክር።

ይኹን ደኣምበር ጻዕርን ድኻምን ናይዞም ብሩኽ ኣቦ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ፍሉጥ ብምንባሩ፡ ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ወላዲተ ኣምላክ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ብራእይ ተገለጸትሎም። በለቶም ድማ፡ "ኦ ብሩኽ ወደይ፡ እዚ ኹሉ ጻዕርካን ድኻምካን፡ ኣብ ቅድሚ ሰማያዊ ዝኾነ ወደይ ቅቡል እናኾነ እንከሎ፡ እዛ ሕማቕ ዝኾነት ወልፌ ናይ ቡን ግን፡ ረኺበልካ ኣለኹ። ስለዚ፡ እዛ ነገር እዚኣ ክሳብ ዘይገደፍካያ ወደይ ከምዘይቅበለካ

Scanned with CamScanner

SCRIBD
Search
Download Now

18

እታ ናይ ዘመናት ሕንቅክ ሕንቅኪ ተይ!!!



ይነግረካ ኣለኹ!!!" ብምባል እታ ዝነበረቶም ወልፊ ቡን፡ ካብቲ ዘገልግልዎ ዝነበሩ ፈጣሪኦም ዝኾነ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ወዲ ድንግል ማርያም፡ ማዕረ ክንደይ ፈልያቶም ከምዘላ ኣጥቢቓ ሓበረቶም።

ኣባ ሃይለ ዝኒ ነገር እዚ ኣብቲን ድሒረን ዝነበራ መዓልታት፡ ንህዝቢ ኣብ ዝግሩሉ ዝነበሩ እዋን፡ ዓሚቑ ጓሂ ውሽጦም ምስ ዘንቀሎ ዛራ ንብዓቶም ኢዩ ዝነበረ። "ሓደራኹም ህዝበ ክርስቲያን! ኣነ ቡን ሰቲኻ ዝመጽእ ኮነኔ የልቦን ዝበልኩኹም ኩልኹም፡ ካብ ዕዳ ደም ሓራ ግበሩኒ፡ ቡን ዝብሃል ከይትሰትዩ፡ ዝረኣኽምን ዝሰማዕክምን ደነግረኩም ኣለኹ" ብምባል፡ ዓቢ ምስክርነት ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ብዝግባእ ድሕሪ ምቕራብ ብ2004 ዓ.ም ፈረንጂ ካብዛ ሓላፊት ዓለም ናብታ ዓዲ ኹልና ብሞት ተሰጋጊሮም።

እዚ ዝኾረ እዚ ናይ ቀረባ ዓመታት ነዞም ምኻኑ መጠን እምበኣር፡ ነዚ ፍጻሜ እዚ ብቑዅጥዋ ዝረኣይዎን ዝፈልጥዎን ናይ ዓይኒ መሰኻኸር ድማ ገና ብህይወት ኣለዉ።

ኣቱም ሰባት! **"ብዛዕባ ጾም እንተ ተኸራኸርኩም፡ ኩሉ ግዜ ኣብ ንጹም ዝብል ወሙ!"** ከም ዝተባህለና፡ እዚ ነገር እዚ'ኮ ከዛርብ ወይ ከሳትዕ ዝግብኣ ኣርእስቲ ኣይነበረን። ምኽንያቱ ቅዱስ ወንጌል ከም ዝብለና፡ ካብቶም መምህራን ሕጊ ሓደ ጎበዝ፡ "መምህር እታ ዝዓበየት ትእዛዝ ኣየኒቲ ኢያ?" ኢሉ ምስ ሓተተ፡ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝመለሰሉ መልሲ፡ **"እታ ቀዳመይቲ ሕጊ እዚኣ ኢያ። 'ኣ እስራኤል ስማዕ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ንሱ በይኑ እግዚኣኣብሄር ኢዩ። ንእግዚኣኣብሄር ኣምላኽካ ብምሉእ ልብኻን ብኹሉ ነፍስኻን ብኹሉ ሓሳብኻን ብኹሉ ሓይልኻን ኣፍቅሮ።' እታ ቀዳመይቲ ትእዛዝ እዚኣ ኢያ"** ዝብል ኢዩ ነይሩ። ማር 12፡29-30 ሰለዚ ኩሉ ልብን ኩሉ ነፍስን፡ ብዘሎ ኣእምሮን ሓይልን ንፍቅሪ እግዚኣብሄር ክምብርክኽ፡ ንዕኡ ንብይኑ ድማ ክግዛእ ደኣምበር፡ ባዕዳዊ ዝኾኑ ናይ ወልፍታት ኣትክልቲ ንልብን ኣእምሮን ወዲ ሰብ ክገዝእን ክምበርክኽን ኣንጻር እዚ ቀዳማይ ትእዛዝ ኢዩ።

ኣስተውዕል!!! ክምቲ ኣብ መእተዊ ናይዚ ኣርእስቲ ዝተጠቕሱ "ንመዘናግዕን ንመዕለልን ጥራይ፡ ብውሑድ መጠን ካብ ሽጋራ ነኳ ሜት እንተወሲድና'ኸ? ንዝብል ሓሳብ ብኽመይ ንሪእ?" ሕጂ፡ "ኣይ ንሱ ደኣ ነውሪ እንድዩ!" ክም እንብል ርዱእ ኢዩ። እወ ኣብ ባህልና ነውሪ ኢዩ። ነዚ ነውሪ ዝብል ሓሳብ ምሉእ ብምሉእ ዝኸጽግዎ ወገናት ወይ ሕብረተሰብ ክህልዉ ክም ዝኾኽሉ ግን ኣይንስሕዮን ንኽውን። ምኽንያቱ ክምዚ ንሕና ንጀበና ምስ ፈናጅላ ውልድ ክንብል እንፈልጣ'ሞ፡ ሓቢርና ኣብ ሓንቲ ቤት ዝንበና፡ ብኽምዚ ዓይነት ኣተዓባብያ ምስ ሽጋራን ሜትን ሓቢሮም ዘንበዩ ሰባት ኣለዉ።

ንኣብነት፡ ኣብ ገለ ኩነማታት ኢትዮጵያ መቐበሊ ክቡር ጋሻ ንማለት ሜት ብመብልዒ ቁርሲ ይቕረብ። ኣብ ኩነማታት መታሕት ሃገርና ክም እንዕዘቦ'ውን፡ ኮሎም ሓቢሮም ምስኡ ሰለ ዝንበዩ፡ ንኢሽቶይ ወዲ ምስ ኣቡኡ ፊት ንፊት ሽጋራ ክሰቲ ነኳ ትምጣኾ ክሰፍፍ ኣብ ዘይክፈሉ ደረጃ ተበጺሑ ኣሎ። እወ ክም ነውሪ ዘይትኾነ ክም ተራ መዘናግዒ ልምዲ። እሞኾ ደኣ ካብዛ መግዳዊት መቐበሊ ክቡር ጋሻን መዘናግዒትን ተባሂላ ኣብ ሕብረተሰብና ክቢራ ዘላ ቡን ብኽመይ ክፍለ ይኽእል?

ምኽንያቱ፡ ክምዚ ኣባና ኣብ ልዕሊ ቡን ዘሎ ኣረኣእያ ፍኹስ ዝበለ፡ ናይዞም ዝተጠቕሱ ሰባት ኣብ ልዕሊ ሽጋራ፡ ትምጣኾ ነኳ ሜት ክህሉ ዝኾኽል ኣመላኻኽታ'ውን ፍኹስ ዝበለ ምኻኑ ርዱእ'ዩ። እወ ክምቲ ዝተባህለ፡ ሓደገኛ ዝቑትል ተኽሊ ምኻኑ እናፈለጥዎ፡ ንመዘናግዕን መሐደሪ ኣእምሮን ብዝብል ጥራይ ምንም ኣበር ክም ዘይብሉ ነገር፡ ኣብ ዕለታዊ ናብራኣም ክዘውትርዎ ይረኣዩ። እሞ'ኸደኣ ዝዞም ሰባት እዚኣቶም ኮኒንና ገዛእ ርእስና'ዶ

19

SCRIBD
Did you know?
Over 1 million subscribers trust Scribd to be
Scanned with CamScanner



ይነግረካ ኣለኹ!!!" ብምባል እታ ዝነበረቶም ወልፊ ቡን፡ ካብቲ ዘገልግልዎ ዝነበሩ ፈጣሪኦም ዝኾነ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ወዲ ድንግል ማርያም፡ ማዕረ ክንደይ ፈልያቶም ከምዘላ ኣጥቢቑ ሓበረቶም።

ኣባ ሃይለ ነዚ ነገር እዚ ኣብቲን ድሒረን ዝነበራ መዓልታት፡ ንህዝቢ ኣብ ዝነግሩሉ ዝነበሩ እዋን፡ ዓሚቹ ጓሂ ውሽጦም ምስ ዘንቀሎ ሣራ ንብዓቶም ኢዩ ዝነበረ። "ሓደራኹም ህዝበ ክርስቲያን! ኣነ ቡን ሰቲኻ ዝመጸእ ኮኾኔ የልቦን ዝበልኩኹም ኩልኹም፡ ካብ ዕዳ ደም ሓራ ግበሩኒ፡ ቡን ዝብሃል ከይትሰትዩ፡ ዝረኣኽዎን ዝሰማዕክዎን ይነግረኩም ኣለኹ" ብምባል፡ ዓቢ ምስክርነት ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ብዝግባእ ድሕሪ ምቕራብ ብ2004 ዓ.ም ፈረንጂ ካብዛ ሓላፊት ዓለም ናብታ ዓዲ ኹልና ብሞት ተሰጋጊሮም።

እዚ ዝኾነ እዚ ናይ ቀረባ ዓመታት ከም ምኹኑ መጠን እምበኣር፡ ነዚ ፍጻሜ እዚ ብቕዮቡዋ ዝረኣይዎን ዝፈልዋዎን ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ድማ ገና ብህይወት ኣለዉ።

ኣቱም ሰባት! **"ብዞዕባ ጾም እንተ ተኸራኸርኩም፡ ኩሉ ግዜ ኣብ ንጹም ዝብል ወሙ!"** ከም ዝተባህለና፡ እዚ ነገር እዚ'ኮ ከዛርብ ወይ ከነትዕ ዝግብኡ ኣርእስቲ ኣይነበረን። ምኽንያቱ ቅዱስ ወንጌል ከም ዝብለና፡ ካብቶም መምህራን ሕጊ ሓደ ጎበዝ፡ "መምህር እታ ዝዓበየት ትእዛዝ ኣየኒይቲ ኢያ?" ኢሉ ምስ ሓተተ፡ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝመለሰሉ መልሲ፡ **"እታ ቀዳመይቲ ሕጊ እዚኣ ኢያ። 'ኣ እስራኤል ስማዕ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ንሱ በይኑ እግዚኣኣብሄር ኢዩ። ንእግዚኣኣብሄር ኣምላኽካ ብምሉእ ልብኻን ብኹሉ ነፍስኻን ብኹሉ ሓሳብካን ብኹሉ ሓይልኻን ኣፍቅሮ።' እታ ቀዳመይቲ ትእዛዝ እዚኣ ኢያ"** ዝብል ኢዩ ነይሩ። ማር 12፡29-30 ስለዚ ኩሉ ልብን ኩሉ ነፍስን፡ ብዘሎ ኣእምሮን ሓይልን ንፍቕሪ እግዚኣብሄር ከምብርክኽ፡ ንዕኡ ንበይኑ ድማ ክግዛእ ደኣምበር፡ ባዕዳዊ ዝኾኑ ናይ ወልፍታት ኣትክልቲ ንልብን ኣእምሮን ወዲ ሰብ ክገዝእን ከምበርክኽን ኣንጻር እዚ ቀዳማይ ትእዛዝ ኢዩ።

ኣስተውዕል!!! ከምቲ ኣብ መእተዊ ናይዚ ኣርእስቲ ዝተጠቕሱ፡ "<u>ንመዘናግዕን ንመዕለልን ጥራይ፡ ብውሑድ መጠን ካብ ሽጋራ ኮነ ሜት እንተወሰድና'ኸ? ንዝብል ሓሳብ ብኽመይ ንራኢ?</u>" ሕጂ፡ "ኣይ ንሱ ደኣ ነውሪ እንድዩ!" ከም እንብል ርዱእ ኢዩ። እወ ኣብ ባህልና ነውሪ ኢዩ። ነዚ ነውሪ ዝብል ሓሳብ ምሉእ ብምሉእ ዝኸጽግዎ ወገናት ወይ ሕብረተሰብ ክህልዉ ከም ዝኾኣሉ ግን ኣይንስሕቶን ንኾውን። ምኽንያቱ ከምዚ ንሕና ንጀበና ምስ ፈናጅላ ውልድ ክንብል እንፈልጣ'ሞ፡ ሓቢርና ኣብ ሓንቲ ቤት ዝዓበና፡ ብኽምዚ ዓይነት ኣተዓብያ ምስ ሽጋራን ሜትን ሓቢሮም ዝዓበዩ ሰባት ኣለዉ።

ንኣብነት፡ ኣብ ገለ ኩተማታት ኢትዮጵያ መቐበሊ ክቡር ጋሻ ንማለት ሜት ብመብልዒ ቁርሲ ይቕረብ። ኣብ ኩተማታት መታሕት ሃገርና ከም እንዕዘቦ'ውን፡ ኮሎም ሓቢሮም ምስኡ ሰለ ዝዓበዩ፡ ንኢሽዮይ ወዲ ምስ ኣቡኡ ፊት ንፊት ሽጋራ ክሰቲ ኮነ ትምባኾ ክሰፍፍ ኣብ ዘይሰከፈሉ ደረጃ ተበጺሑ ኣሎ። እወ ከም ነውሪ ዘይኮነ ከም ተራ መዘናግዒ ልምዲ። እሞኽ ደኣ ካብዛ ወግዓዊት መቐበሊ ክቡር ጋሻን መዘናግዒትን ተባሂላ ኣብ ሕብረተሰብና ከቢራ ዘላ ቡን ብኽመይ ክፍለ ይኽእል?

ምኽንያቱ፡ ከምዚ ኣባና ኣብ ልዕሊ ቡን ዘሎ ኣረኣእያ ፍኹስ ዝበለ፡ ናይዞም ዝተጠቕሱ ሰባት ኣብ ልዕሊ ሽጋራ፡ ትምባኾ ኮነ ሜት ክህሉ ዝኾኣል ኣመላኻኽታ'ውን ፍኹስ ዝበለ ምኹኑ ርዱእ'ዩ። እወ ከምቲ ዝተባህሉ፡ ሓደገኛ ዝቑትል ተኽለ ምኹኑ እናፈለጥዎ፡ ንመዘናግዕን መሐደሲ ኣእምሮን ብዝብል ጥራይ ምንም ኣበር ከም ዘይብሉ ነገር፡ ኣብ ዕለታዊ ናብራኣም ከዘውትርዎ ይረኣዩ። እሞ'ኸደኣ ዝዞም ሰባት እዚኣቶም ኮኒንና ገዛእ ርእስና'ዶ

Scanned with CamScanner



